# ውሽጣዊ ደምቢ

# ቀ. ፩

ብሓፈሻ ንጉዳያት ኣብ ሃገረ ስብከት ኣሜሪካን ካናዳን ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ክልል ቤተ ክርስቲያን ዝኸውን መመኃደሪ ሕጊ

# December 7, 2023

# ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስቲያን

## ሰበካ ጉባኤ ቤተ ክርስቲያን

## ትኅዝቶ


መብርሂ....................................................................................................2
1. ዓንቀጽ ሓደ - ስያሜን ማዕርግን....................................................................2
2. ዓንቀጽ ክልተ - ትርጕማት.......................................................................... 3
3. ዓንቀጽ ሠለስተ - ዕላማታት ክልል ቤተ ክርስቲያን.......................................... 5
4. ዓንቀጽ ኣርባዕተ - ጉባኤ ኣባላት.................................................................. 6
5. ዓንቀጽ ኃሙሽተ - ሥልጣንን ኃላፍነትን ሰበካ ጉባኤ....................................... 6
6. ዓንቀጽ ሽዱሽተ - መምዘኒታት ተመረፅቲ ኣባላት ሰበካ ጉባኤ..............................8
7. ዓንቀጽ ሾብዓተ - ሰበካ ጉባኤን ኣመራርፃኡን.................................................. 9
8. ዓንቀጽ ሸሞንተ - ምርጋእን ምሥዓርን ውፅኢት ምርጫ.................................... 13
9. ዓንቀጽ ትሽዓተ - ዘመን ኣገልግሎትን ምትካእን ኣባላት ሰበካ ጉባኤ...................13
10. ዓንቀጽ ዓሠርተ - ኃለፍቲ ሰበካ ጉባኤን ኮሚተታትን...................................... 14
11. ዓንቀጽ ዓሠርተው ሓደ - መዝነትን ተግባርን ሰበካ ጉባኤ................................ 15
12. ዓንቀጽ ዓሠርተው ክልተ - መጕዚታትን ተቈጻጸርቲን.....................................18
13. ዓንቀጽ ዓሠርተው ሠለስተ - ኣባላት............................................................19
14. ዓንቀጽ ዓሠርተው ኣርባዕተ - ጉባኤታት ኣባላት........................................... 20
15. ዓንቀጽ ዓሠርተው ኃሙሽተ - ሥነ ሥርዓት.....................................................22
16. ዓንቀጽ ዓሠርተው ሽዱሽተ - ፊስካዊ ዓመት................................................22
17. ዓንቀጽ ዓሠርተው ሾብዓተ - ኣታዊታት........................................................ 23
18. ዓንቀጽ ዓሠርተው ሸሞንተ - ክፍሊታትን ወፃኢታትን..................................... 23
19. ዓንቀጽ ዓሠርተው ትሽዓተ - መገሻ.............................................................. 24

20. ዓንቀጽ ዕሥራ - ሕጋዊ ሥልጣን፡ ዋንነትን ምቕረሐን...................................................... 25
21. ዓንቀጽ ዕሥራን ሐደን - ሓፈሻዊ..........................................................................25
22. ዓንቀጽ ዕሥራን ክልተን - ሥልጣን ሃገረ ስብከትን ንኡስ ሃገረ ስብከትን........................... 26
23. ዓንቀጽ ዕሥራን ሰለስተንን - ምምሳያሽ ውሥጠ ደምብ............................................. 27
24. ዓንቀጽ ዕሥራን ኣርባዕተን - ኤለክትሮኒካዊ ክታም......................................................27

መብርሂ

- ✝ እዛ ክልል ቤተ ክርስቲያን እዚኣ፡ ኣብ ——---ከተማ ——--- ናይ ሃገረ ካናዳ/ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ንዝቕመጡ ተኸተልቲ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ሃይማኖት ንዝኾኑ ምእመናን ንምግልጋል፡ ብዕለት—-- ዝቖመት ኢያ፣
- ✝ እዛ ክልል ቤተ ክርስቲያን ክሳዕ ሕጂ ንምእመናና ኣገልግሎት ትሁብ ከምዘላ ትፍለጥ፣
- ✝ ምእመናን ምስ ኵሉ ዓለማውን መንፈሳውን ድሌታቶም ኣብ ትሕቲ ሓልዮት ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ክጓሰዩ ኣድላዪ ብምዃኑን እዛ ክልል ቤተ ክርስቲያን ከኣ ብሕግን መምርሒን ክትምራሕን ከተመኃደርን ወሳኒ ነገር ስለዝኮነን፣
- ✝ እዛ ክልል ቤተ ክርስቲያን ምስ ዓንቀጽ 72፡ ንኡስ ዓንቀጽ 11ን 12ን ናይ መሠረታዊ ሕጋጋትን መምርሒታትን ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ (ቃለ ኣዋዲ ) ዝሳነ ብምግባር ምስ ናይ ኣመሪካ/ካናዳ ደምቢ ዘይመኸሰባውያን ትካላት ሓፈሻዊ ሕጊታትን መምርሒታትን ብምስምዕ ክትመሓደር ስለዘለዋ፤
- ✝ እዛ ክልል ቤተ ክርስቲያንን ኣባላታን ብኣባላት ብልሙድ ኣገባብ ሓለፉ ብሰበካ ጉባኤ ምስ ጸደቐ፣ ከምኡ’ውን ብሥልጣን ቅዱስ ሲኖዶስ፡ ሃገረ ስብከትን ንኡስ ሃገረ ስብከትን እኳ እንተ ጸደቐ፤ ዋላ ሓንቲ ነጥቢ ካብ’ዚ ውሥጠ ደምብ እዚ ግና ምስ’ቲ ኣብ ቀዳማይ ክፍሊ ናይ’ዚ ውሥጠ ድምብ እዚ ተገሊጹ ዘሎ መሠረታዊ ሕጊታትን መምርሒታትን ከምኡ ኸኣ

ቤተ ክርስቲያናዊ ሥልጣን ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ ዝጻረር፡ ዝጋጮ፡ ዝልውጥ ወይ ዘይሰማማዕ መረዳእታ፡ መግለጺ፡ ትርጉም ኣይወሃቦን ኢዩ፣

✝ እዛ ክልል ቤተ ክርስቲያን ነዚ ውሥጠ ደምብ'ዚ ተቐቢላ ኣብ ግብሪ እተውዕሎ ብቅዱስ ሲኖዶስ፡ ሃገረ ስብከትን ንኡስ ሃገረ ስብከትን ምስ ጸደቐ ጥራይ ኢዩ።

✝ ከም ውሥጠ ደምብ እዛ ክልል ቤተ ክርስቲያን ኮይኑ ከም'ዚ ዚስዕብ ይድንገግ፥

## 1. ዓንቀጽ ሓደ - ስያሜን ማዕርግን

1.1. እዚ ውሥጠ ደምብ እዚ፡ ምምኅዳራዊ ውሥጠ ደምብ ቤተ ክርስቲያን —-----------------ዘኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ ኣብ —ስም ከተማ------- ተባሂሉ ይጽዋዕ።

1.2. እዚ ውሥጠ ደምብን እዛ ክልል ቤተ ክርስቲያንን ብመሠረት ዓንቀጽ 27 ናይ ሕጊ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ (ቃለ ዓዋዲ) በዚ ዚስዕብ መሣልል ሥልጣን ተማእዚዞም ይኸዱ።

1.2.1. ቅዱስ ሲኖዶስ ዘሃገረ ኤርትራ(ዝለዓለ ወሳኒ ኣካል ቤተ ክርስቲያን)

1.2.2.ምምሕዳር መንበረ ፓትርያርክ

1.2.3. ሃገረ ስብከት

1.2.4. ንኡስ ሃገረ ስብከት

1.2.5. ክልል ቤተ ክርስቲያን ( ሰበኻ ጉባኤ )

1.3.ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ ሐዋርያዊት ቤተ ክርስቲያን ኮይና፣ ቅዱስ ሲኖዶሳ ድማ ኣብ'ታ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ዝለዓለ ቤተ ክርስቲያናዊ፡ ሕጋውን ፍርዳውን ሥልጣን ዘለዎ ኣካል እዩ።

1.4. ሥልጣን ቅዱስ ሲኖዶስ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ ንኣብ ውሽጥን ወፃእን ዝርከባ ኣብያተ ክርስቲያናት ኤርትራ ይመርሕ።

1.5. እዛ ክልል ቤተ ክርስቲያን እዚኣ፡ ኣብ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ፣ ኣካል ንኡስ ሃገረ ስብከት—------- ንሳ ኸኣ ኣካል ሃገረ ስብከት ኅቡራት መንግሥታት ኣመሪካን ካናዳን ኢያ።

1.6. ሃገረ ስብከት፡ ብሕጊ ቅድስት ቤተ ክርስቲያንን መምርሒታት ቅዱስ ሲኖዶስን ተሓቲራ ትነብር፤ ንእኡ ድማ ትምእዘዝ።

1.7. ቅዱስ ሲኖዶስ፡ ኣብ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ ዝለዓለ ወሳኒ ኣካል እዩ።

1.8. እዛ ቤተ ክርስቲያን እዚኣ ኣብ ሃገረ ስብከት ኅቡራት መንግሥታት ኣመሪካን ካናዳን ናይ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ እትርከብ ኮይና ካብ ናይ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ ዘይትንጸል ኣካል ኢያ።

1.9. ናይ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ ሃገረ ስብከት ኅቡራት መንግሥታት ኣመሪካን ካናዳን ኵሉ ምንቅስቓሳቱ ብፍቓድ ቅዱስ ሲኖዶስ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ የካይድ።

1.10. እቶም ካህናትን ዲያቆናትን ተጸዋዕነቶም ናብ ንኡስ ሃገረ ስብከትን ሃገረ ስብከትን እዩ። ሃገረ ስብከት ከኣ ብመሠረት ጠለባት ነፍሲ ወከፍ ክልል ቤተ ክርስቲያን ንጉዳያትን ኣገልግሎታትን ካህናትን ዲያቆናትን የወሃህድ። ኩሎም ካህናትን ዲያቆናትን ድማ ብሃገረ ስብከት ይምደቡ።

## 2. ዓንቀጽ ክልተ - ትርጕማት

2.1. “ኣዋጅ” ማለት ናይ ካናዳ/ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዘይመኽሰባውያን ትካላት Act S.C. 2009, c.23,/501.c3 ከምኡ’ውን ኣገዳሲ ኮይኑ ኣብ ዝተረኽበሉ ጊዜ ንዕኡ ተተርኢሶም ኣብ ዝወፅኡ መምርሒታት፡ ካብ ጊዜ ናብ ጊዜ ዝመኃየሹን ዳግም ውሳኔታትን፡ በብጊዜኡ ኣብ ዝካየድ መሥርሒ ምምኅያሽ ዝትክኡ ሕጋጋትን ኣዋጃትን ማለት እዩ።

2.2. “ዓንቀጻት” ማለት መበቈላዊ ወይ ዳግማዊ ድንጋገ ቤተ ክርስቲያን ወይ ከኣ ምምኅያሽ ውሽጣዊ ደምቢ ዝኾኑ ድንጋገታት ማለት እዩ።

2.3. “ጳጳስ” ማለት በብግዜኡ ብቅዱስ ሲኖዶስ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስቲያን ዘሃገረ ኤርትራ ዝምደብ መራሒ ሃገረ ስብከት ኢዩ።

2.4. “ሰበካ ጉባኤ” ማለት ብሓፈሳዊ ጉባኤ ኣባላት ቤተ ክርስቲያን ዝምረጹ መራሕቲ ክልል ቤተ ክርስቲያን ማለት እዩ።

2.5. “ውሥጠ ደምብ” ማለት እዚ ምምኅዳራዊ ውሥጠ ደምብ ቤተ ክርስቲያን —-ስም ቤተ ክርስቲያን-----------------ዘኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ ኣብ —---------ተባሂሉ ዝጽዋዕ ውሥጠ ደምብ ምስ ኵሉ መርሐ ግብርታቱን መሠረታውያን ሕጋጋትን መምርሒታትን፣ ከምኡ ኸኣ በብጊዜኡ ዝመሓየሹን ዝትግበሩን መምርሒታት እዛ ክልል ቤተ ክርስቲያን ማለት እዩ።

2.6. “ኣመሓዳሪ/ኣቦ መንበር ክልል ቤተ ክርስቲያን” ማለት ካህን ኮይኑ ኣቦ መንበር ሰበካ ጉባኤ ማለት እዩ።

2.7. “ምእመናን” ማለት ኣባላት እዛ ክልል ቤተ ክርስቲያን ዝኾኑ ተኸተልቲ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ሃይማኖት ማለት እዩ።

2.8. “ምእመን” (ንብዙኃን “ምእመናን”) ማለት ውልቀ ኣባል ማኅበረ ምእመናን ማለት እዩ።

2.9. “ማሕበር” ማለት ብመሠረት ኣዋጅ ነዚ ውሥጠ ደምብ ዝተቐበለ ኣካል ማለት እዩ።

2.10. “ዲያቆን” ማለት ትምህርቲ ግብረ ዲቁና ኣማሊኡ ብጳጳስ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ ማዕርገ ዲቁና ዝተቐብአ ኣገልጋሊ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ማለት እዩ።

2.11. “ሃገረ ስብከት” ማለት ናይ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ ሃገረ ስብከት ኅቡራት መንግሥታት ኣመሪካን ካናዳን ተባሂሉ ዝጽዋዕ ኣካል ምኅደራ ቤተ ክርስቲያን ማለት ኮይኑ፣ “ንኡስ ሃገረ ስብከት ማለት ከኣ፡ ኣብ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ሃገረ ስብከት ዝመሓደር ንኡስ ሃገረ ስብከት —ስም----- ተባሂሉ ዝጽዋዕ ኣካል ምሕደራ ቤተ ክርስቲያን ማለት እዩ።

2.12. “ዕለተ ምርጫ” ማለት ኣኣብ ሠለስተ ዓመት ብዝካየድ ናይ ኣባላት ሓፈሻዊ ጉባኤ ወይ ከኣ ካልእ ዕለት ኣባላት ተኣኪቦም ኣባላት ሰበካ ጉባኤ ዝመርፁሉ ዕለት ማለት እዩ።

2.13. “መሣልላዊ ቅርፂ ምሕደራ” ማለት ካብ ታሕቲ ንላዕሊ 1)ክልል ቤተ ክርስቲያን፡ 2)ንኡስ ሃገረ ስብከት፡ 3)ሃገረ ስብከት፡ 4) ምምሕዳር መንበረ ፓትርያርክን 5) ቅዱስ ሲኖዶስን ማለት እዩ።

2.14. “ቅድስት ቤተ ክርስቲያን” ማለት ብደም ክርስቶስ ዝተመሥረተት፣ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ ኢያ።

2.15. “ቅዱስ ሲኖዶስ” ላዕለዋይ መራሒ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ እዩ። ቅዱስ ሲኖዶስ ኣብ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ ዝለዓለ ሥልጣን ዘለዎ ኮይኑ፣ ብዛዕባ ምሕደራ ቤተ ክርስቲያን፡ እምነት፡ ሥርዓትን ካልኦት እዋናውያን ጉዳያት ዝምልከት ዝሕግግን ዝውስንን ኣካል እዩ።

2.16. “ኣባል” ማለት ተኸታሊ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ሃይማኖት ዝኾነ፣ ንሕግታት፡ ድንጋገታትን መምርሒታትን ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ ዝምእዘዝን ብእኡ መሠረት ከኣ ሥርዓተ እምልኮኡ ዝፍጽምን ኮይኑ፣ ኣብ'ዛ ክልል ቤተ ክርስቲያን ብኣባልነት ዝተመዝገበ እዩ።

2.17. “ኣባላት” ዝበሃሉ ኸኣ እኩባት ኣባላት እዛ ክልል ቤተ ክርስቲያን ዝኾኑ እዮም።

2.18. “ጉባኤ ኣባላት” ማለት ናይ ውሱናትን ሓፈሻውያንን ምዕባለታት ጸብጻባት ንምስማዕ፡ ምርጫታት ንምክያድን ምሕደራዊ ውሳኔታት ንምኅላፍን ዝጽዋዕ ጉባኤ (ኣኼባ) ኣባላት እዩ።

2.19. “ክልል” ማለት በዛ ብማኅበር ብመሠረት ምዕራፍ ኃሙሽተ ዝተመሥረተትን ብዓንቀጽ ኣርባዕተ ናይ ምዕራፍ ሠለስተ ውሥጠ ደምብ እትምእዘዝን ክልል ቤተ ክርስቲያን ዝግልገል መልክዐ ምድራዊ (ጂኦግራፊካዊ) ቦታ ማለት እዩ።

2.20. “ክልል ቤተ ክርስቲያን” ማለት ብመሠረት ኣዋጅ ነዚ ውሥጠ ደምብ'ዚ ተጽድቕ ወይ ትቕበል ዘላ ቤተ ክርስቲያን ኢያ። እዛ ክልል ቤተ ክርስቲያን ኣብ'ዚ ሃገረ ስብከት ትርከብ ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኢያ።

2.21. “ፓትርያርክ” ዝበሃል ብቅዱስ ሲኖዶስ ኤርትራ ዝተመርጸን ዝተቐብአን ኮይኑ ናይ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ ፓትርያርክ እዩ።

2.22. “ካህን” (ብብዙኅ “ካህናት”) ማለት ግቡእ ግብረ ክህነት ተማሂሩ፣ ኣብ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ክህነታዊ ኣገልግሎት ንኺህብ፡ ብመሠረት ሕጊ ቤተ ክርስቲያን ብጳጳስ ሃገረ ስብከት ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ ማዕርገ ክህነት ዝተቐብአን ንኣገልግሎት ዝምደብን እዩ።

2.23. “እማመ” ማለት ኣብ ክፍሊ 163 (እማመ መሻርኸቲ) ኣዋጅ ዘሎ መምዘኒታት ዘማለአ፣ ብኣባል ማኅበር ዝቐርብ እዩ።

2.24. “መንፈሳዊ ኣገልግሎት” ማለት ብመሠረት ሕጊ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ (ቃለ ዓዋዲ) ኣብ ውሽጥን ወጻኢን እዛ ክልል ቤተ ክርስቲያን ዝወሃብ መንፈሳዊ ኣገልግሎታት ማለት እዩ።

## 3. ዓንቀጽ ሠለስተ - ዕላማታት ክልል ቤተ ክርስቲያን

3.1. እዛ ክልል ቤተ ክርስቲያን እዚኣ፡ ሃይማኖት ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ ትዕቅብን ተስፍሕን።

3.2. እዛ ክልል ቤተ ክርስቲያን እዚኣ ንኹላቶም ምእመናን እዘን ዚስዕባ መንፈሳዊ ኣገልግሎታት ትህብ፦

3.2.1. ቅዳሴ

3.2.2. ጥምቀት

3.2.3. ቃል ኪዳን

3.2.4. ፍትሓት

3.2.5. ንስሓን ኑዛዜን ወዘይመስሎ. . .

3.3. እዛ ክልል ቤተ ክርስቲያን እዚኣ፡ መንፈሳዊ ኣገልግሎታ ናብ ኵላቶም ምእመናን ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ ተባጽሕ።

3.4. እዛ ክልል ቤተ ክርስቲያን ምእመናን ኣብ ኵሉ መንፈሳውን ማኅበራውን ኣገልግሎታት ሓድነትን ስኒትን ክረኽቡ ከም ዝኾኑ ተረጋግጽ።

3.5. እዛ ክልል ቤተ ክርስቲያን ርእሰ ምርኰሳ ንምርግጋጽ ዝተፈላለዩ መንፈሳዊ ንጥፈታት ተካይድ።

3.6. እዛ ክልል ቤተ ክርስቲያን ብቑዓት ካህናትን ዲያቆናትን ንምፍራይ ትሠርሕ።

3.7. እዛ ክልል ቤተ ክርስቲያን ቈልዑን መንእሰያትን መንፈሳዊን ሥነ ምግባራውን ሕንጸት ዝረኽቡሉ ትምህርቲ ሰንበት፤ ዓበይቲ ምእመናን ድማ መንፈሳዊ ሕይወቶም ንምጎያልን ንምዕባይን ዝእከቡሉ መንፈሳዊ ቤት ትምህርቲ ተቐውም።

3.8. እዛ ክልል ቤተ ክርስቲያን ንቅድስት ቤተ ክርስቲያን ዘዕብዩ ልምዓታዊ ሥራሓት ተካይድ።

3.9. ካብ ቅዱስ ሲኖዶስ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ ዝወሃቡ ታቦትን ሕግታትን ከም ምኽኖም መጠን፣ እዛ ክልል ቤተ ክርስቲያንን ኣባላታን ካባታቶም ክዘብሉ የብሎምን፤ ንናይ ኤርትራ ቤት ጽሕፈት መንበረ ፓትርያርክ ወይ ብመርሒነቱ ዝቐውም ነቲ ዘሎ መሣልላዊ ምሕደራ መርሒታት ተቐቢሎም ይከዱ፥

3.10. ምእመናንን ምእመናትን ብሰበካ ጉባኤ ተማኣኪሎም መንፈሳዊ ተመኵሮ ንምልውዋጥ፣ ኣብ ካናዳን ኅቡራት መንግሥታት ኣመሪካን ናብ ዝርከባ አብያተ ክርስቲያናት ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ ናይ ምብጻሕ መርሐ ግብር ከካይዱ ይኽእሉ።

3.11. እዛ ክልል ቤተ ክርስቲያን ኣብ ካናዳን ኅቡራት መንግሥታት ኣመሪካን ምስ ዝርከባ ኣብ መሣልላዊ ምኅደራዊ ኣቃውማ ቅዱስ ሲኖዶስ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ ዝመኃደራ አብያተ ክርስቲያን ጥቡቅ ተደጋጋፊ ዝምድና ይህልዋ።

## 4. ዓንቀጽ ኣርባዕተ - ጉባኤ ኣባላት

4.1. ሓፈሻዊ ጉባኤ ኣባላት ኣብ'ዛ ክልል ቤተ ክርስቲያን ኣብ ትሕቲ ንኡስ ሃገረ ስብከት/ሃገረ ስብከት ዝለዓለ ሥልጣን ዘለዎ እዩ ።

## 5. ዓንቀጽ ኃሙሽተ - ሥልጣንን ኃላፍነትን ሰበካ ጉባኤ

5.1. ሰበካ ጉባኤ ብመሠረት ሕጊ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ ንኹሉ ምምሕዳራዊ ተግባራት እዛ ሰበካ ቤተ ክርስቲያን ብሓላፍነት የካይድ።

5.2. ሰበካ ጉባኤ ንሃይማኖትን ንሕጋጋት ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ዝድርዕ ምኅደራዊ ቅርጺ እዛ ክልል ቤተ ክርስቲያን ይሕሉ።

5.3. ኣባላት ሰበካ ጉባኤ ኣብ ሰሙን ሓደ ጊዜ ይእከቡ (ይጋብኡ)።

5.4. ሰበካ ጉባኤ ብዛዕባ ንዋያተ ቅዱሳት፡ ቅርስን ዕቃበን መጻሕፍቲ ተዘራሪቡ ይውስን።

5.5. ንምሥጢራተ ቤተ ክርስቲያንን ሥርዓተ እምልኮን ዝምልከቱ ጉዳያት ግና ብፍሉይ ጉባኤ ካህናት ይረአ፤ ኣገዳሲ ኣብ ዝኾነሉ ጊዜ እውን ሓሳባቶም ኣሰንዮም ናብ ንኡስ ሃገረ ስብከት ከሳልፍዎ ይኽእሉ እዮም።

5.6. ሰበካ ጉባኤ ኣገልገልቲ ክልል ቤተ ክርስቲያን ብላዕላዋይ መሪሕነት ምስ ተፈቅደሎም ንማኅድሮ ይቈጽሩ።

5.6.1. ንኣብነት፡ ዝቕጽር ቀሲስ ወይ ዲያቆን ምስ ዘድሊ፡ መጀመርታ ብሰበካ ጉባኤ ተዘትዩሉ፣ ርእይቶኡ ኸኣ ኣብ ፍሉይ ጉባኤ ኣባላት ናብ ኣባላት ክልል ቤተ ክርስቲያን ይቐርብ። ርእይቶ ኣባላት ተሰሚዑ ድማ ሰበካ ጉባኤ ሕቶኡ ንምጽዳቕ ናብ ንኡስ ሃገረ ስብከት/ሃገረ ስብከት ይልእኽ።ንኡስ ሃገረ ስብከት/ሃገረ ስብከት ንኣገልጋሊ ደልዩን ኣጽኒዑን ምስ ኣጽደቐሉ ኸኣ ሰበካ ጉባኤ ከም ወኪል ክልል ቤተ ክርስቲያን ናብ ስምምዕ ምቍጻር ማኅድሮ የኣቱ።

5.6.2 ሓደስቲ ኣገልገልቲ ናብ ቤተ ክርስቲያን ምስ ዝመጽኡ ቅድሚ ኣብ ኣገልግሎት ምእታዎም ናይ መዓርጎም ምስክርነት ሰነዳት ተሰንዩ ናብ ሃገረ ስብከት ይቐርብ። ሃገረ ስብከት ድማ ኣጽኒዑ ናይ ፍቓድ ኣገልግሎቶም ብምልኣክ ኣገልግሎት ከም ዝጅምሩ ይገብር።

5.7. ዝኾነ ይኹን ጎዱር ኣገልጋሊ እዛ ክልል ቤተ ክርስቲያን ብጉዳይ ሥነ ምግባራዊ ጒድለት፡ መናፍቅነት ወይ ከኣ ካልእ ጒድለት ምስ ዝርከቦ፡ በዞም ዚስዕቡ ሕጋውያን መገዲታት ይረአ።

5.7.1 ሰበካ ጉባኤ ናይ ዝተፈጸመ ጒድለታት ጭቡጥ መርትዖ ጌሩ ይስንድ፤ ብቕዳሕ ከኣ (ክልተ ወይ ሠለስተ ጊዜ) ንንኡስ ሃገረ /ሃገረ ስብከት የፍልጥ። ብድኅር'ዚ ሰበካ ጉባኤ ነዚ ጉዳይ ኣብ ፍሉይ ጉባኤ ንኣባላት የቕርቦ። ኣባላት ከኣ ነቲ ጉዳይ (ሽማግለ ብምቛም ወይ ብኻልእ መገዲ) ክፈትሕዎ ይፍትኑ። ሰበካ ጉባኤ ኸኣ ናይ'ዚ ኹሉ ጸብጻብ ናብ ንኡስ ሃገረ ስብከት/ሃገረ ስብከት የቕርብ። እቲ ጉዳይ በዚ መገዲ'ዚ እንተ ዘይተፈቲሑ፡ ናብ'ቲ ኣገዳሲ መጽናዕቲ ብምክያድ ውሳኔ ዝህበሉ ንኡስ ሃገረ ስብከት /ሃገረ ስብከት የኃልፍ። ብድኅር'ዚ፡ ሰበካ ጉባኤ ነቲ

ብንኡስ ሃገረ ስብከት/ሃገረ ስብከት ዝተወሰነ ውሳኔ ናይ ምትግባር ኃላፍነት ኣለዎ።

5.8. ሰበካ ጉባኤ ንክልል ቤተ ክርስቲያን ዘርብኑ (ዝጠቕሙ) ናይ ሓፂርን ነዊሓን ጊዜ ውጥናት ከዳሉን ብንጥፈት ከተግብርን ኣለዎ።

5.9. ሰበካ ጉባኤ ንክልል ቤተ ክርስቲያን ወኪሉ ምስ ካልኦት አብያተ ክርስቲያናትን፡ መንግሥታውያንን ብሕታውያንን ትካላትን ማኅበራት ግብረ ሠናይን ክራኸብ ይኽእል። ካብ ክልል ወጻኢ ምስ ዝኸውን ግን ብኣፍልጦ ላዕላዋይ መሪሕነት ይኸውን።

5.10. ሰበካ ጉባኤ ባጀታዊ እማመ ብምድላው ናብ ሓፈሻዊ ጉባኤ ምስ ኣቕረበ፣ ናብ ትግባረኡ የሓልፍ።

5.11. ሰበካ ጉባኤ ደሞዝ ሠራሕተኛታት ይውስንን ይሸንን ንኣገልገልቲ ካህናትን ዲያቆናትን ዝምልከት ግን በብግዚኡ ካብ ንኡስ ሃገረ ስብከት ክሳብ ቅዱስ ሲኖዶስ ( ላዕላዋይ መሪሕነት) ንዝወጽእ መምርሒ ይኽተል።

5.12. ሰበካ ጉባኤ ወፃኢታትን ኣታዊታትን ክልል ቤተ ክርስቲያን ንምምኅዳር ኣገልግሎታት ቍጽጽር ከሣትፍ ኣለዎ።

5.13. ሰበካ ጉባኤ ከከም ኣገዳስነቱ ሽማግለታት (ኮሚተታት) ከቕውም ይኽእል እዩ። ንነፍሲ ወከፍ ሽማግለ (ኮሚተ) ኽኣ ብቑዕ መምርሒ ሥራሕ ከውፅእን ንትግባረኡ ክቈጻጸርን ኣለዎ።

5.14. ሰበካ ጉባኤ ንናይ ኣባላት ጉባኤ ናይ ምጽዋዕ ሓላፍነት ኣለዎ።

5.15. ሰበካ ጉባኤ ንነፍሲ ወከፍ ኣብ መንፈቃዊ (ኣብ ዓመት ክልተ ጊዜ) ናብ ጉባኤ ኣባላት ንዝቐርብ ጸብጻባትን ኪደታትን ናይ ምብራህን ምግላጽን ኃላፍነት ኣለዎ። ቅዳሕ ጸብጻብ ናብ ንኡስ ሃገረ ስብከት/ሃገረ ስብከት ክልእኽ ይግባእ።

5.16. ሰበካ ጉባኤ ባዕሉ ክፈትሖ ዘይክእል ጸገም ኣብ ዝገጥሞ እዋን፡ ኣማኸርቲ ሽማግለ ብምስታፍ ጉድዩ ክፈትሖ ይኽእል። እዚ ምስ ዘይከውን ግን ናብ ዝለዓለ ምህደራ ቤተ ክርስቲያን ሃገረ ስብከት የሕልፎ፡

5.17. ተሓታትነት ሰበካ ጉባኤ፡ መዝነቱ ከም ዝገልጾ፡ ግቡእ ዝኾነ ቅርጺ ሰንሰለታዊ ምኅደራ ይኽተል።

5.18. ሓደ ኣባል ሰበካ ጉባኤ፡ ወይ ኣባል ቤተ ክርስቲያን ብዘይ ውክልና ቤተ ክርስቲያን ንዝፍጽሞ ዘይሓላፍነታዊ ጉድለት ባዕሉ ተሓታቲ ይኸውን፡

5.19. ረብሓዊ ረጽሚ - ብቐጥታ ወይ ብተዘዋዋሪ ምስ ክልል ቤተ ክርስቲያን ኣብ ዝእቶ ዝኾነ ይኹን ክዉን ወይ እሙም ውዕል ወይ ዕድገ-መሸጣ ዝሣተፍ ኣባል ሰበካ ጉባኤ፡ ብመሠረት ሕጊ ዘድሊ ቅጥዒታት ከማልእ ኣለዎ። ብመሠረት ሕጊ ግና እዚ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ኣባል ሰበካ ጉባኤ ኣብ ዝኾነ ይኹን ነዚ ጉዳይ እዚ ኣብ ዝምልከት ኣኼባ ሰበካ ጉባኤ ክሣተፍን ንምጽዳቕ እቲ ኮንትራት ወይ ዕድገ-መሸጣ ኣብ ዝምልከት ድምፁ ክህብን ኣይፍቀደሉን እዩ።

5.20. ፋይናንሳዊ ጥቕሚ - ዓንቀጻት ሕጊን ንማኅበራት ምግባረ ሠናይ ዝምልከቱ ሕጊታትን ብዝሰማምዕሉ መገዲ እንተ ዘይኮይኑ፣ ክልል ቤተ ክርስቲያን ማኅበር ግብረ ሠናይ ክሳዕ ዝኾነት፡ ዝኾነ ይኹን ኣባል ሰበካ ጉባኤ ምስ ክልል ቤተ ክርስቲያን ካብ ዝእቶ ኮንትራት ወይ ካልእ ብቐጥታ ይኹን ብማኅበር ፋይናንሳዊ ጥቕሚ ክረክብ ኣይፍቀደሉን።

5.21. ሰበኻ ጉባኤ ንመምርሒ ቤተ ትምህርቲ ሰንበት ብዝግባእ ተረዲኡ፡ብመሰትረት መምርሒ ንትምህርቲ ሰንበት ከመሓድሮን ክከታተሎን ከምኡ'ውን ምቁጽጻር ብዘለዎ መንገዲ ዓመታዊ ባጀት ብምጽዳቕ ንስራሕ ከተባብዖን ይግባእ።

## 6. ዓንቀጽ ሽዱሽተ - መምዘኒታት ተመረፅቲ ኣባላት ሰበካ ጉባኤ

6.1. ተወዳደርቲ ምርጫ ሰበካ ጉባኤ ዝኾኑ፡ ሥጋኡን ደሙን ዝተቐበሉ ሰዓብቲ ሃይማኖት ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ ዝኾኑ፣ እንተ ወኃደ ንኽልተ ዓመታት ብኣባልነት ዝተመዝገቡ፣ ዝግብኦም ክፍሊት ዝኸፈሉ ክኾኑ ኣለዎም።

6.1.1 ዝበዝኑ ምእመናን ቅዱስ ቊርባን ዘይተቐበሉን ኣብ ንስሓ ዘይበጽሑን ምስ ምኳኖም፣ ክሳዕ ዝድልድሉን ኣብ ንስሓ በጺሖም ቅዱስ ቊርባን ክሳዕ ዝቕበሉን፡

ዓንቀጽ 6.1 እዚ ውሥጠ ደምብ እዚ ካብ ዝጸደቐሉ ድኅሪ ሠለስተ ዓመታት (ማለት ድኅሪ ቀዳማይ ምርጫ ሰበካ ጉባኤ) እዩ ዝትግበር።

6.2. ተወዳደርቲ ምርጫ ንኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ዘለዎም ተገዳስነት ብተግባር ዘርእዩ ክኾኑ ኣለዎም።

6.3. ተወዳደርቲ ምርጫ ሰበካ ጉባኤ ኣብ ምምኅዳራዊ ጉዳያት ግቡእ ሰንሰለታዊ ምኅደራ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ዝኽተሉ ክኾኑ ኣለዎም።

6.4. ኣተሓሳስባኦም ብፍቕሪ ንዋይ፡ ስሰዐ፡ ድርቅናን ህርፋንን ዘይተዓብለለ ክኸውን ኣለዎ።

6.5. ካብ ተንኰልን ሻራን ዝረኃቑ፤ ብመንፈሳዊ ሕይወቶም፡ ብሠናይ ግብሮምን ትሕትናኦምን ዝተመስከረሎምን ንኻልኦት ኣብነት ዝኾኑን ክኾኑ ኣለዎም።

6.6. ዕድሜኦም 25 ዓመትን ካብኡ ንላዕሊን ዝኾኑ ምእመናንን ምእመናትን ይምረፁ፤ ኣባል ትምህርቲ ሰንበት ዝኾነ ግና ዕድሚኡ እንተ ወኃደ 18 ዓመት ዝኾነ ከም ኣባል ሰበካ ጉባኤ ክምረፅ ይኽእል።

6.7. ኣብ ምምራፅ ኣባላት ሰበካ ጉባኤ ናይ ጾታ ፍልልይ ኣይግበርን።

## 7. ዓንቀጽ ሾብዓተ - ሰበካ ጉባኤን ኣመራርፃኡን

7.1. ጉዳያት ማኅበር ክልል ቤተ ክርስቲያን ብናታ ሰበካ ጉባኤ ይመኃደር። ብሰበካ ጉባኤ ዝውሰኑ ውሳኔታት ከኣ ቅድሚ ምትግባሮም ብወኪል ንኡስ ሃገረ ስብከት ይጸድቕ። ሰበካ ጉባኤ ምስ ንኡስ ሃገረ ስብከት እናተረዳደአ ዝግብኦ ተግባራት ይሠርሕ።

7.2.ቍጽሪ ኣባላት ሰበካ ጉባኤ ብመሰረት ሕጊ ቃለኣዋዲ 7 ወይ 5 ይከውን።

7.2.1.ተመረጽቲ ኣባላት ሰበኻ ጉባኤ ብዝሑም 7 እንተ ኮይኖም ብመሰረት ሕጊ ቃለኣዋዲ 4 ካብ ቤተ ክህነት 2 ካብ ምእመናን 1 ድማ ካብ መንሰያት ቤተ ትምህርቲ ሰንበት ይኾኑ።

7.2.2. ተመረጽቲ ኣባላት ሰበኻ ጉባኤ 5 እንተ ኮይኖም፡ 2 ካብ ቤተ ክህነት 2 ካብ ምእመናን 1 ድማ ካብ መንሰያት ቤት ትምህርቲ ሰንበት ይኾኑ።

7.3 ኣቦ መንበር ዝኸውን፡ ካህን ናይ’ዛ ክልል ቤተ ክርስቲያን ኮይኑ፣ ብጳጳስ ሃገረ ስብከት ይምደብ።

7.4 እቲ ምርጫ ሰበካ ጉባኤ ብሡታፌ ወኪል ሃገረ ስብከት/ንኡስ ሃገረ ስብከት ይካየድ።

7.5 ምርጫ፡ ክልተ ሲሦ (2/3) ኣባላት ክልል ቤተ ክርስቲያን ኲላቶም ተሣተፍቲ ኣብ ሓደ ጊዜ ንሓድሕዶም ክሰማምዕሉ ብዝኽእሉ ኣገባብ፣ ኣባላት ብኣካል ኣብ ዕለተ ምርጫ ይካየድ። ክልተ ሲሦ (2/3) ኣባላት ክልል ቤተ ክርስቲያን ኣብ ዕለተ ምርጫ ክርከቡ እንተ ዘይክኢሎም ግና፡ ዕለተ ምርጫ ንሠለስተ ሰሙናት ይሠጋገር። ኣብ ካልኣይ ምዱብ ዕለት ግና፡ ምርጫ ብዝተረኽቡ ኣባላት ይካየድ።

7.6. ኣብ ዕለተ ምርጫ፡ ሰበካ ጉባኤ ናይ መወዳእታ ጸብጻቡ ንኣባላት የቕርብ። ሰበካ ጉባኤ ጸብጻቡ ኣቕሪቡ ምስ ወደአ ኸኣ፡ ንወኪል ንኡስ ሃገረ ስብከት ነቲ ምርጫ ኣባላት ሰበካ ጉባኤ ንኺመርሖ ይጽውዕ።

7.7. መስርሕ ምርጫ ሰበኻ ጉባኤ ወኪል ሃገረ ስብከት/ንኡስ ሃገረ ስብከት ኣብ ዝተረኽበሉ መዓልቲ ካብ ሕጹያት ምቕራብ ጀሚርካ ክሳብ ምርጫ ሰበኻ ጉባኤ ብሓደ መዓልቲ ይካየድ።

7.8. ኮሚተ ምርጫ

7.8.1 ወኪል ንኡስ ሃገረ ስብከት፡ ኣብ መጀመርታ መስርሕ ምርጫ ምስ ኣባላት ሰበኻ ጉባኤ ኮይኑ ሰለስተ ኮሚቴ ምርጫ ካብ ህዝቢ የውጽእ። ኣባል ኮሚተ ምርጫ፡ ኣባል ሰበካ ጉባኤ ኮይኑ ኣይምረፅን።

7.8.2 ካብ ዓሰርተ ህጹያት ሓፈሳዊ ጉባኤ 5 ወይ 3 ጥራይ ይመርጽ። እዚ ማለት እቶም ዝተረፉ ሓደ ካህን ብጳጳስ ሃገረ ስብከት ዝምዘዝ ክኸውን እንከሎ እቲ ሓደ ድማ ብኣባላት ቤት ትምህርቲ ሰንበት ዝውከል ኢዩ። ብጠቕላል 7 ወይ 5 ይኾኑ።

7.9 ሕፁያትን ምርጫኦምን

7.9.1 ነፍሲ ወከፍ ተወዳዳሪ ኣብ ዓንቀጽ 6 ብዝርዝር ተገሊጾም ንዘለዉ መምዘኒታት ከማልእ ኣለዎ ።

7.9.2 ንሓደ ሕፁይ ናብ ኮሚተ ምርጫ ተቓውሞ ቀሪቡሉ፣ እቲ ዝቐረበ ተቓውሞ ኸኣ ብኮሚተ ምርጫ ቅኑዕ ከም ዝኾነ እንተ ተረጋጊጹ፣ እቲ ሕፁይ ኣብ ምርጫ ኣይወዳደርን እዩ። ኣብ ክንዳኡ ካልእ ንምርጫ ይቐርብ።

7.10 ነፍሲ ወከፍ ኣባል ክልል ቤተ ክርስቲያን ካብ'ቶም ዓሠርተ (10) ንሓሙሽተ (5) ኣብ ካርድ ምርጫ ጽሒፉ ክመርፅ ዕድል ይወሃቦ።

7.10.1 ነፍሲ ወከፍ ኣባል ኣስማት ሠለስተ (03) ውሉደ ክህነት፡ ክልተ (02) ምእመናንን መሪፁ ኣብ ሣፁን ምርጫ ከእቱ ይኽእል። እቲ ኣባላት ዝመርፁሉ ካርድ ምርጫ ቅድሚ ምርጫ ብኣምራጺት ሽማግለ ተራእዩ ክረጋገጽ ኣለዎ ።

7.10.2 ኣብ ዕለተ ምርጫ ሥርዓት ምርጫ ምስ ተዛዘመ፡ ኮሚተ ምርጫ ነቲ መምረፂ ካርድ ኣብ ቅድሚ ኣባላት ቈጺሩ፣ ኣብ'ታ ዕለት እቲኣ ኸኣ ኮሚተ ምርጫ ምስ ወከልቲ ንኡስ ሃገረ ስብከት ኮይኖም ውፅኢት ምርጫ ንኣባላት ኣፍሊጦም፣ ኣብ'ቲ ውፅኢት ይፈራረሙን ዝተፈራረሙሉ ሰነድ ድማ ብግቡእ ኣብ ክልል ቤተ ክርስቲያን ይዕቀብን።

7.10.3 ዝተመርፁ ኣባላት ሰበካ ጉባኤ ኸኣ ብመሠረት ዘለዎም ብቕዓታት ኣብ ንሓድሕዶም ብጽሒት ሥራሖም ይመዳደቡ።



7.11 ሓደስቲ ተመረፅቲ ኣባላት ሰበካ ጉባኤ ንዅሉ ንብረታት፡ ገንዘብ፡ መፋትሕ፡ ሕሳባት ባንኪ፡ ኢመይላትን ካልኦት ተዛመድቲ ሰነዳትን ክልል ቤተ ክርስቲያን ካብ ዝምረፁ ኣብ ውሽጢ ሓደ

ወርኂ ይርከቡ። ብተወሳኺ ድማ እዛ ክልል ቤተ ክርስቲያን ንኣባላት ሰበካ ጉባኤ ዝተዳለወ ናይ ሥርዓተ ቤተ ክርስቲያን፥ መንፈሳዊ ኣገልግሎት፥ ውሽጣዊ መመሓደሪ ሕግን ቃለ ዓዋድን ንኽርድእዎ ትምህርቲ ይወሃቦም።

7.12 ንሓደ ኣባል ሰበካ ጉባኤ ብዘለዎ ናይ ሥራሕ ኃላፍነት ከይሠርሕ ዝኽልክሎ ጉዳይ ምስ ዝለዓል ብተተካኢ ይቕየር። ዘመን ኣገልግሎት እቲ ተካኢ ድማ ዝተረፈ ዘመን እቲ ዝተከኦ ኣባል ሰበካ ጉባኤ እዩ።

7.13 ምርጫ ሰበካ ጉባኤ ከምዝተኻየደ ብንኡስ ሃገረ ስብከት ምስ ተረጋገጸ፡ ነፍሲ ወከፍ ኣባል ሰበካ ጉባኤ ነዚ ዚስዕብ ቃል ይኸትም፦

> “ኣነ ___________________ ዝተበሃልኩ፣ ንመሠረተ እምነት፡ ትምህርታት፡ ትውፊታት፡ ሥርዓታት፡ ቅዱስ ቀኖናታት፡ ሥርዓተ ኣምልኾን መትከላትን ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ ከም ዝዕቅብን ከም ዘጽንዕን ከም ዝሕሉን ዕቱብ ልባዊ ቃል እኣቱ። ከም መጠን ኣባል ሰበካ ጉባኤ፡ ካባይ ንዝድለ ኃላፍነትን ግዴታን ድማ ኣብ ትሕቲ መርሒነት ንኡስ ሃገረ ስብከትን ኣቦ መንበር ሰበካ ጉባኤን ኮይነ ብትሕትናን ተኣማንነትን ክፍጽም እየ። ኵሉ ጊዜ ንሥልጣን ቅዱስ ሲኖዶስ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ ኣኽቢረን ተማእዚዘን ከኣ ኪኸይድ እየ። እግዚአብሔር ይደግፈኒ!!!”

7.14 ዝኾነ ይኹን ግቡኡ ዝኸፍል ምዝጉብ ኣባል ክልል ቤተ ክርስቲያን ንኺመርፅ መሰል ኣለዎ። ንክምረጽ ግና ብውሕዱ ንክልተ ዓመት ከምኣባል ክጸንሕ ኣለዎ።

7.15 እዞም ዚስዕቡ ነጥብታት ንሓደ ተወዳዳሪ ኣባል ሰበካ ጉባኤ ካብ ምኟን ኪኽልክልዎ ይኽእሉ።

7.15.1 ሰበካ ጉባኤ ብሥጋ ክሳዕ ካልኣይ ደረጃ ዝምድና ዘለዎም ኣባላት ክሓቍፍ ኣይክእልን እዩ። ቀዳማይ ደረጃ ዝምድና ዝበሃል ኣዝዩ ቀረባ ናይ ሥጋ ዝምድና ዘለዎ ማለት ወለዲ፡ ምሉእ ኅውነት ወይ ውሉድ ማለት እዩ። ካልኣይ ደረጃ ዝምድና ዝበሃል ኣቦ ሓጎን እኖ ሓጎን፡ ደቂ ውሉድ፡ ኣሞታትን ኃውቲ’ኖታትን ኣንስቲ ኃወቦታትን ኣንስቲ ኣኮታትን፡ ኃወቦታትን ኣኮታትን ሰብኡት ኃውቲ’ኖታትን ሰባኡት ኣሞታትን፡ ደቂ ኃውን ደቂ ኃውትን ዘማታትን ወይ ከኣ ብሓደ ወገን ኃው ወይ ኃውቲ ንዝኾኑ ኣዝማድ ሥጋ የጠቓልል።

7.15.2 መፃምድቲ ኣብ ሓደ እዋን ኣባላት ሰበካ ጉባኤ ኮይኖም ኣየገልግሉን። ሰበይቲ ካህን ከም ኣባል ሰበካ ጉባኤ ኮይና ከትነጥፍ ኣይግባእን እዩ።

7.15.3 ዝኾነ ይኹን ሰብ ኣብ ሓደ ጊዜ ኣባል ሰበካ ጉባኤ ካብ ሓደ ንላዕሊ ዝኾና ኣብያተ ክርስቲያን ኮይኑ ኣየገልግልን

7.16 ወኪል ንኡስ ሃገረ ስብከት ኣብ መስርሕ ምርጫ ሰበካ ጉባኤ ጌጋታት ምስዝፍጸም ደው ኣቢሉ መኣረምታ ናይ ምሃብ ሥልጣን ኣለዎ።

## 8. ዓንቀጽ ሸሞንተ - ምርጋእን ምሥዓርን ውፅኢት ምርጫ

8.1. ምርጫ ሓድሽ ሰበካ ጉባኤ ክልል ቤተ ክርስቲያን ምስ ተዛዘመ፣ እቲ ምርጫ ብንኡስ ሃገረ ስብከት/ሃገረ ስብከት ምእንቲ ክጸድቕ፡ እቶም ዘመን ኣገልግሎቶም ዝውድኡ ዘለዉ ሰበካ ጉባኤ ኣስማት ሓደስቲ ተመረፅቲ ሰበካ ጉባኤ፡ ጸብጻብ ምርጫን ቊጽሪ ተሳተፍቲን ንወኪል ንኡስ ሃገረ ስብከት የረክብ።

8.2. ንኡስ ሃገረ ስብከት /ሃገረ ስብከት ኣብ ኣፈጻጽማ እቲ ምርጫ ዘይምፅሩይነት እንተ ረኺቡ ኸኣ ንውፅኢት እቲ ምርጫ ከመኃይሾ ወይ ክሥዕሮ ሥልጣን ኣለዎ።

8.3. ዝተመርፁ ኣባላት ሰበከ ጉባኤ ድኅሪ ሥራሖም ምጅማሮም፡ ገንዘብ ኣብ ዘይመዓላኡ ምስ ዘውዕሉ፡ እምንቶኣዊ ኃላፍነታቶም እንተ ዘይፈጺሞም ወይ ከኣ ዝኾነ ይኹን ገበን እንተ ፈጺሞም፡ ንኡስ ሃገረ ስብከት /ሃገረ ስብከት ንሓደ ወይ ንኹላቶም ካብ ኣባልነት ሰበካ ጉባኤ ክኣልዮምን ከውርዶምን ሥልጣን ኣለዎ።

## 9. ዓንቀጽ ትሽዓተ - ዘመን ኣገልግሎትን ምትካእን ኣባላት ሰበካ ጉባኤ

9.1. ዘመን ኣገልግሎት ቤት ጽሕፈት ሰበካ ጉባኤ ካብ ተመርፁላ ፈላሚት ጉባኤ ክሳዕ እታ ናብ ናይ መወዳእታ ዘመኖም ዝቐረበት ዓመታዊት ጉባኤ ወይ ከኣ መተካእታኦም ክሳዕ ዝተመርፁላ ጊዜ ኢያ።

9.3. ዝኾነ ጽቡቕ ኣበርክቶ ዝነበሮ ኣባል ሰበካ ጉባኤ ካልኣይ ንኺምረፅ ኪቐርብ ይኽእል። እንተ ኾነ ግና ሓደ ኣባል ሰበካ ጉባኤ ንሰለስተ ተኸታተልቲ ጊዜያት ክምረፅ ኣይክእልን እዩ።

9.4. ሓደ ኣባል ሰበካ ጉባኤ ካብ ኣባልነት ንኺወፅእ ብጽሑፍ ን ሰበካ ጉባኤ ድሕሪ ምፍላጡ ብቀጥታ ናብ ሃገረ ስብከት ከምዝሓልፍ ተጌሩ ኣገልግሎቱ ደው ኣቢሉ ብካልእ ከምዝትካእ ይግበር። እዚ ኸኣ፦

✝ እቲ ኣባል ሰበካ ጉባኤ ምስ ዝመውት

✝ እቲ ኣባል ሰበካ ጉባኤ ብቤት ፍርዲ ወይ ብሕጊ ከመኃድር ከም ዘይክእል ምስ ዝረጋገጽ፤

✝ እቲ ኣባል ሰበካ ጉባኤ ዝኾነ ይኹን ገበናዊ ተግባር ምስ ዝፍጽም ሃገረ ስብከት ጉዳዩ ሪኡ ምስ ዝውስነሉን፤

✝ ሃገረ ስብከት ወይ ንኡስ ሃገረ ስብከት እቲ ኣባል ሰበካ ጉባኤ ካብ መዝነቱ ክእለ ምስ ዝእዝዙ፤

✝ እቲ ኣባል ሰበካ ጉባኤ ኣባል ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ ምዃን ምስ ዘቋርጽ፣ እሞ ብንኡስ ሃገረ ስብከትን ሃገረ ስብከትን ምስ ዝውሰን።

9.5. ኣብ ሰበካ ጉባኤ ዝተፈጥረ ሃጓፍ ብኸምʼዚ ዚስዕብ ይምላእ፤

✝ ምልአተ ጉባኤ ሰበካ ጉባኤ፥ ነቲ ኣብ ሰበካ ጉባኤ ዝተፈጥረ ሃጓፍ ካብቶም ኣብ ጊዜ ምርጫ ተካእቲ ተባሂሎም ዝተመርጹ በቲ ቀዳማይ ኪመልኦ ይኽእል። እዚ ዚፍጸም ግና ብሃገረ ስብከትን ንኡስ ሃገረ ስብከትን ተቐባልነት ምስ ረኸበ እዩ።

✝ ናይ ሰበካ ጉባኤ ምልአተ ጉባኤ ምስ ዘይርከብ፣ ወይ ከኣ ዓንቀጻት ምርጫ ብዝእዝዞ መሠረት ኣባላት ሰበካ ጉባኤ ምትካእ እንተ ዘይተኻኢሉ፣ ንዝጐደሉ ኣባላት ሰበካ ጉባኤ ካብ ኣባላት ክልል ቤተ ክርስቲያን ንምትካእ፥ ኣብ ኣገልግሎት ዘለዉ ኣባላት ሰበካ ጉባኤ ከይደንጐዩ ፍሉይ ጉባኤ ኣባላት ክጽውዑ ኣለዎም። ነዚʼውን ወኪል ንኡስ ሃገረ ስብከት ክጽድቖ ኣለዎ።

✝ ሰበካ ጉባኤ ንዘጋጥሙ ሃጓፋት ብድምፂ ብልጫ ክምልኡን ንኡስ ሃገረ ስብከት ክጽድቐሎምን ኣለዎ። ከም መተካእታ ዝምረፁ ኣባላት ድማ ዘመን ኣገልግሎቶም እተን ዝተረፋ ጊዜያት ናይʼቶም ዝወረዱ ኣባላት እየን። ብድኅርʼዚ፥ ዝተረኽሐ ሰብ ከም ኣባል ሰበካ ጉባኤ ንኺሠርሕ ብቑዕ ኮይኑ ይምረፅ። ኣባል ሰበካ ጉባኤ ኮይኑ ኣብ ምእታዉ ግና እተን ኣብ ዓንቀጽ 6 ዝተዘርዘራ መምዘኒታት ክኸበራ ኣለወን።

## 10. ዓንቀጽ ዓሠርተ - ኃለፍቲ ሰበካ ጉባኤን ኮሚተታትን

10.1. ሰበካ ጉባኤ እዞም ዝስዕቡ ክፍልታት ክህልውዎ ይግባእ።

10.1.1. ኣቦ መንበር

10.1.2. ምኽትል (ተኃጋጋዚ) ኣቦ መንበር

10.1.3. ዋና ጸሓፊ

10.1.4. ሕሳብ ሹም

10.1.5. ተኃዚ ገንዘብ

10.1.6. ኃላፊ ርክባት

10.1.7. ዓቃቢ ንብረት

10.2. ብሰበካ ጉባኤ ብሽም'ዚ ዚስዕብ ኣገባብ ዝተፈላለያ ኮሚተታት ክቖማ ይኽእላ እየን።

10.2.1. ሰበካ ጉባኤ ካብ ውሽጡ ተቈጻጻሪ ወይ ኮሚተ ቊጽጽር ኣቘሙ፣ ብዘይካ እቶም ብመሠረት ሕጊ ኪውከሉ ዘይክእሉ ሥልጣናት ሰበካ ጉባኤ ካልእ ዝተፈላለዩ ናይ ውክልና ሥልጣናት ኪህቦም ይኽእል።

10.2.2. ምስ ሕጋዊ ገደባት ውክልና ተጠዓዒሙ ብንኡስ ሃገረ ስብከት ብዝተጻሕፈ ወረቐት መሠረት ዝሠርሕ ኣብ ጉዳይ ገንዘብ፡ ቊጽጽር፡ መደባትን ርክባትን ንዝምልከት ንጥፈታት ሰበካ ጉባኤ ዞቀጻጸር ኮሚተ ይቐውም።

10.2.3. ሰበካ ጉባኤ ንተግባራትን መምርሒ ሥራሕን ከም'ዚኣተን ዝኣመሰላ ኮሚተታት ይውስን።

10.2.4. ናይ ነፍሲ ወከፍ ኮሚተ ኣቦ መንበር፡ ሰበካ ጉባኤ ካብ ኣባላቶም ድኅሪ ሓፈሻዊ ጉባኤ ክልል ቤተ ክርስቲያን ኣብ ዘካይዳ ቀዳመይቲ ጉባኤ ይመርፅ። ካልኦት ኣባላት እቲ ኮሚተ ግና ግድን ኣባላት ሰበካ ጉባኤ እኳ እንተ ዘይኮኑ፣ ኣባላት ክልል ቤተ ክርስቲያን ኪኾኑ ግና ናይ ግድን እዩ።

10.2.5. ሰበካ ጉባኤ ብውሳኔኡ ኣብ ዝኾነ ጊዜ ንዝኾነት ኮሚተ ደው ኩብል ይኽእል እዩ።

## 11. ዓንቀጽ ዓሠርተው ሓደ - መዝነትን ተግባርን ሰበካ ጉባኤ

### 11.1. ኣቦ መንበር ሰበካ ጉባኤ

11.1.1. ኣቦ መንበር ሰበካ ጉባኤ ዝኸውን ወኪል ሃገረ ስብከት/ንኡስ ሃገረ ስብከት ወይ ከኣ ናይ ክልል ቤተ ክርስቲያን ቀሲስ ኪኸውን ኣለዎ።

11.1.2. ኣቦ መንበር ንኣኼባታት ሰበካ ጉባኤን ዝተፈላለዩ ናይ ኣባላት ኣኼባታትን ይመርሕ።

11.1.3. ኣቦ መንበር ንኹሉ ምምሳዳራዊ ንጥፈታት ሰበካ ጉባኤን ከም'ዚኣቶም ዝበሉ ካልኦት ሕጊ ንዝእዝዞምን በብጊዜኡ ሰበካ ጉባኤ ንዝውስኖምን ንጥፈታትን ይቈጻጸር፣ የወሃህድን ይመርሕን።

11.1.4. ኣቦ መንበር ብመሠረት ሰበካ ጉባኤ ዝህቦ መምርሒታት ምስ ሕሳብ ሹም እናተረዳደአ ንኹሉ ባንካዊ ምንቅስቓስ ብኽታሙ የካይድ። ብተወሳኺ'ውን ኣቦ መንበር ንገንዘባዊ ኣታውን ወፃእን ይቈጻጸር።

11.1.5. ኣቦ መንበር ነቲ ምስ ካልኦት አብያተ ክርስቲያን ዝግበር ርክባት ኣብ ምምዕባልን ምኅያልን ንሰበካ ጉባኤ ወኪሉ ይሠርሕ።

11.1.6. ኣቦ መንበር ውሳኔታት ሓፈሻዊ ጉባኤ ኣባላት ንምትግባር ይመርሕን የተባብዕን።

### 11.2. ምኽትል (ተኃጋጋዚ) ኣቦ መንበር

11.2.1. ኣቦ መንበር ኣብ ዘይህልወሉ ጊዜ፡ ንኣቦ መንበር ተኪኡ ሥራሕ ኣቦ መንበርን ካልእ ሕጊ ዝፈቕዶን በብጊዜኡ ብሰበካ ጉባኤ ዝተወሰነን ተግባራት ይሠርሕ።

11.2.2. ኣቦ መንበር ብሰንኪ ዝተፈላለዩ ውልቃዊ ጸገማት፡ ሕማም፡ ሞት ወይ ካልእ ዝኾነ ምኽንያት ግቡእ ሥራሑ ከካይድ ኣብ ዘይክእለሉ ጊዜ፡ ምኽትል ኣቦ መንበር ከም ጊዜያዊ ተተካኢ ኣቦ መንበር ኮይኑ ይነጥፍ። ኣቦ መንበር ምስ ተመልሰ ወይ

ተተካኢ ኣቦ መንበር ምስ ምስተሰይመ፡ ምኽትል ኣቦ መንበር ንቡር ሥራሑ ይሠርሕ።

11.3. ዋና ጸሓፊ

11.3.1. ዋና ጸሓፊ ቃል ጉባኤታት፡ ሰነዳትን ማኅተምን ክልል ቤተ ክርስቲያን ይኅዝ።

11.3.2. ኣኼባታት ኣብ ዝካየዱሉ ጊዜ፡ ዋና ጸሓፊ ምስ ኣቦ መንበር ብሓደ ኮይኑ ዛዕባታት (ኣጀንዳታት) ኣኼባ የዳሉ።

11.3.3. ዋና ጸሓፊ ብመሠረት ትእዛዝ ሰበካ ጉባኤ ንኣባላት ክልል ቤተ ክርስቲያን ጽሑፋዊ መጸዋዕታ የብጽሕ።

11.3.4. ኣብ ኣኼባታት ሰበካ ጉባኤን ኣባላትን ዋና ጸሓፊ ቃል ጉባኤ ይኅዝን ይዕቅብን።

11.3.5. ዋና ጸሓፊ ምሉእ ስምን ኣድራሻን ኣባላት ክልል ቤተ ክርስቲያን ሰኒዱ ይኅዝ። ናይ ነፍሲ ወከፍ ኣባል ፋይል ድማ ሥዕሊ ከም ዘለዎ የረጋግጽ።

11.3.6. ዋና ጸሓፊ ነፍሲ ወከፍ ኣባል ክልል ቤተ ክርስቲያን ካርድ ኣባልነት ከም ዝኃዝ የረጋግጽ።

11.3.7. ዋና ጸሓፊ ብካህናት እታ ክልል ቤተ ክርስቲያን ናይ ዝፍጸሙ ሥርዓተ ጥምቀት፡ ፍትሐትን መርዓን ኣገልግሎታት ቈጸራታት ይኅዝን ንኣኣቶም ዝምልከቱ ቅጽዒታት ይመልእን።

11.3.8. ዋና ጸሓፊ ምስ ኣቦ መንበር እናተኃባበረ ምምኅዳራዊ መደባት ሰበካ ጉባኤ የወሃህድ።

11.3.9. ዋና ጸሓፊ ካልኦት ከም'ዚኣቶም ዝኣመሰሉ ሕጋውያን ንጥፈታትን በብጊዜኡ ሰበካ ጉባኤ ዝውስኖም ኃላፍነታትን እውን የካይድ።

11.4. ሕሳብ ሹም

11.4.1. ሕሳብ ሹም ናይ ክልል ቤተ ክርስቲያን ገንዘብ የመኃድርን ገንዘባዊ ጸብጻቡ ድማ ናብ ሰበካ ጉባኤ የቕርብን።

11.4.2. ሕሳብ ሹም ምስኡ ኮይኑ ምስ ዝሠርሕ ተኃዚ ገንዘብ ኮይኑ መዝገብ ኣታዊታትን ወፃኢታትን ይዕቅብ።

11.4.3. ሕሳብ ሹም ንሚዛን ሕሳብ ክልል ቤተ ክርስቲያን ይቈጻጸር።

11.4.4.ሕሳብ ሹም ብሰበካ ጉባኤ ተማእዚኑ ኣብ ጉዳይ ባንካዊ ምንቅስቓስ መፋርምቲ ኣቦ መንበር እዩ። ናብ ባንኪ ንዝኣቱን ካብ ባንኪ ንዝወፅእን ገንዘብ ድማ ይቈጻጸር።

11.4.5. ሕሳብ ሹም ዓመታዊ ባጀት ኣዳሊዉ ናብ ሰበካ ጉባኤ የቕርብ፤ ብሰበካ ጉባኤ ምስ ጸደቐ ድማ ናብ ዓመታዊ ጉባኤ ኣባላት የቕርቦ።

11.4.6. ሕሳብ ሹም ብካህናት እታ ክልል ቤተ ክርስቲያን ናይ ዝፍጸሙ ሥርዓተ ጥምቀት፡ ፍትሐትን መርዓን ኣገልግሎታት ዝምልከቱ ገንዘባዊ ቅጽዒታት ይመልእ።

11.4.7. ሕሳብ ሹም ካልኦት ከም'ዚኣቶም ዝኣመሰሉ ሕጋውያን ንጥፈታትን በብጊዜኡ ሰበካ ጉባኤ ዝውስኖም ኃላፍነታትን እውን የካይድ።

11.5. ተኃዚ ገንዘብ

11.5.1. ተኃዚ ገንዘብ ገንዘባዊ ኣታዊታትን ወፃኢታትን ይስንድ።

11.5.2. ተኃዚ ገንዘብ ቅብሊታትን ናይ ክፍሊታት ሰነዳትን ብጥንቃቐ ይኅዝ።

11.5.3. ተኃዚ ገንዘብ ብዛዕባ ገንዘብ ናብ ባንኪ ምእታውን ካብ ባንኪ ምውፃእን ምስ ኵላቶም ኣባላት ሰበካ ጉባኤ እናተኃጋገዘ ይሠርሕን ምኽሪታት ይህብን።

11.5.4. ተኃዚ ገንዘብ ካብ ምእመናንን ኣባላትን ንዝተረኽበ ኣታዊታት ይእክብ።

11.5.5. ተኃዚ ገንዘብ ንኡስ ገንዘብ (ንቀንጠ-መንጢ ዝተመደበ ገንዘብ) ይኅዝ።

11.5.6. ኣብ ጊዜ መርመራ ሕሳባት (ኦዲት)፡ ተኃዚ ገንዘብ ንኹሉ ቅብሊታትን ሰነዳት ኣታዊታትን ወፃኢታትን ንተቈጻጻሪ የረክብ።

11.5.7. ተኃዚ ገንዘብ ካልኦት ከም'ዚኣቶም ዝኣመሰሉ ሕጋውያን ንጥፈታትን በብጊዜኡ ሰበካ ጉባኤ ዝውስኖም ኃላፍነታትን እውን የካይድ።

11.6. ኃላፊ ርክባት

11.6.1. ኃላፊ ርክባት ንወግዓዊ ርክባት ሰበካ ጉባኤ ምስ ኣባላት ክልል ቤተ ክርስቲያን፡ ካልኦት ኦብያተ ክርስቲያን፡ ከምኡ'ውን ምስ ካልኦት ግዳማውያን ኣካላት ከም መራኸቢ ብዙኃን፡ ማኅበራት፡ ውልቀ ሰባትን ትካላትን የዳሉን የሰርዕን። (ኣቀዲሞም ብሰበካ ጉባኤ ዝተፈለጡ ርክባት ክኮኑ ኣለዎም)

11.6.2. ኃላፊ ርክባት ብመሠረት በብጊዜኡ ዝወፅኡ መምርሒን ድሌታትን ሰበካ ጉባኤ ንኹሉ ግዳማውን ውሣጣውን ርክባት የዳሉን የሰርዕን።

11.6.3. ኃላፊ ርክባት ካልኦት ከም'ዚኣቶም ዝኣመሰሉ ሕጋውያን ንጥፈታትን በብጊዜኡ ሰበካ ጉባኤ ዝውስኖም ኃላፍነታትን እውን የካይድ።

11.7. ዓቃቢ ንብረት

11.7.1. ዓቃቢ ንኹሉ ዝንቀሳቐስን ዘይንቀሳቐስን ንብረት ክልል ቤተ ክርስቲያን ይምዝግብ።

11.7.2. ዓቃቢ ንክልል ቤተ ክርስቲያን ዘገድሱ ንብረታት ምስ ሰበካ ጉባኤ ብምምኽኻርን ኣብ ትሕቲ መምርሒ ሰበካ ጉባኤን ኮይኑ ይዕድግን ይካረን።

11.7.3. ዓቃቢ ምስ ሰበካ ጉባኤ ብምምኽኻርን ኣብ ትሕቲ መምርሒ ሰበካ ጉባኤን ኮይኑ ንብረታት ክልል ቤተ ክርስቲያን የካሪን ይሸይጥን ።

11.7.4. ዓቃቢ ብመሠረት ፍቓድ ሰበካ ጉባኤ ምስ ሕሳብ ሹም ተረዳዲኡ ካብ ሽያጥ ንብረት ክልል ቤተ ክርስቲያን ንዝተረኸበ ኣታዊ ኣብ ሕሳብ ክልል ቤተ ክርስቲያን የእትዎ ።

11.7.5. ዓቃቢ ሰነድ ተንቀሳቓሲን ዘይተንቀሳቓሲን ንብረት ክልል ቤተ ክርስቲያን ከጻሪ ንዝደሊ ተቈጻጻሪ የረክብ።

11.7.6. ዓቃቢ ካልኦት ከም'ዚኣቶም ዝኣመሰሉ ሕጋውያን ንጥፈታትን በብጊዜኡ ሰበካ ጉባኤ ዝውስኖም ኃላፍነታትን እውን የካይድ።

11.8. ተተካእቲ ኣባላት

11.8.1. እቶም ክልተ ብሰበካ ጉባኤ ዝተመርፁ ተተካእቲ ኣባላት፡ ብዘይካ ነቲ ኵሉ ጊዜ ብምኽትል ኣቦ መንበር ዝትካእ ኣቦ መንበር ሰበካ ጉባኤ፣ ንዝኾነ ኣባል ሰበካ ጉባኤ ክትክኡ ድሉዋት ክኾኑ ኣለዎም።

11.8.2. ዝኾነ ካብ ምኽትል ኣቦ መንበር፡ ዋና ጸሓፊ፡ ሕሳብ ሹም፡ ተኃዚ ገንዘብ፡ ኃላፊ ርክባት ወይ ድማ ዓቃቢ ንብረት ኣገልግሎት እንተ ኣቋሪፁ፣ ወይ ብውሳኔ ሃገረ ስብከት ደው እንተ ኢሉ ፣ ብ ኣፍልጦ ሃገረ ስብከት/ ንኡስ ሃገረ ስብከት ሓደ ካብ'ዞም ክልተ ተተካእቲ ኣብ ቦታኦም ኣትዮም ንሥራሖምን ኃላፍነቶምን ይፍጽሙ።

## 12. ዓንቀጽ ዓሠርተው ክልተ - ተቈጻጸርቲ

12.1. ኣብ ግዜ ምርጫ ሰበካ ጉባኤ ጉባኤ፡ ኣባላት ሠለስተ (03) ተቈጻጸርቲ(Auditors) ተባሂሎም ዝጽውዑ፣ ናይ ሕሳብ ሞያ ዘለዎም ኣባላት ይመርፁ።

12.2. ተቈጻጸርቲ ምስ ሕሳብ ሹም፡ ተኃዚ ገንዘብን ዓቃቢን ተወሃሂዶምን ተኃጋጊዞምን፣ ንኹሉ ዝንቀሳቐስን ዘይንቀሳቐስን ንብረትን ገንዘብን ክልል ቤተ ክርስቲያን ይቈጻጸሩ። ተቈጻጸርቲ ጸብጻቦም ክልተ ጊዜ ኣብ ዓመት ናብ ሓፈሻዊ ጉባኤ ኣባላት ብመገዲ ሰበካ ጉባኤ የቕርቡ።

12.3. ዘመን ኣገልግሎት ተቈጻጸርቲ ክልል ቤተ ክርስቲያን ከም ናይ ኣባላት ሰበካ ጉባኤ ሓደ እዩ።

## 13. ዓንቀጽ ዓሠርተው ሠለስተ - ኣባላት

13.1. ኣባላት ዝበሃሉ፦

13.1.1 ተኸተልቲ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ ኮይኖም፣ ዕድሜኦም ልዕሊ 18 ዓመታት ዝኾኑ፤

13.1.2 ምስ ውሥጠ ደምብታት ክልል ቤተ ክርስቲያን ሌላን ኣፍልጦን ዘለዎምን ከተግብርዎም ዝጽዕቱን፤

13.1.3. ብዛዕባ ዶግማ ንዝምልከቱ ሕጊታት ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ ዝምእዘዙን ቤተ ክርስቲያናዊ ውግዘት ዘይብሎምን፤

13.1.4. ኣብ ሥሩዓት ኣገልግሎታትን ኣኼባታትን ክልል ቤተ ክርስቲያን ብሥሩዕ ዝሳተፉ፤

13.1.5. ኣብ ምሥጢራት ቤተ ክርስቲያን ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ብግብሪ ዝተሳተፉ፤ ብውሑዱ ኣብ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስቲያን ዝተጠመቁ።

13.1.6. ኣባላት ካልእ ትካል እምነት ዘይኮኑ።

13.3. ኣባላት ብዋና ጸሓፊ ሰበካ ጉባኤ ንዝዳሎ ኣድላዪ ቅጽዒ ምስ መልኡ ምሉእ ብምሉእ ኣባላት ክልል ቤተ ክርስቲያን ይኾኑ።

13.4. ኣባላት በብጊዜኡ ብሰበካ ጉባኤ ንሓደ ሰብ ንዝስላዕ ክፍሊት ይከፍሉ። ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሜኦም ምስ ሥድራ ቤቶም ዝቐመጡ ኣባላት ሓንቲ ኣባል ክልል ቤተ ክርስቲያን ዝኾኑ ኣባላት፡ እዚ ክፍሊት ኣባልነት ኣይምልከቶምን። ዕድሜኦም 18ን ልዕሊኡን ዝኾኑ ኣባላት ሥድራ ቤት ክልል ቤተ ክርስቲያን ዝኾኑ ግና፡ ምሉእ ብምሉእ ወይ ከኣ ከፊለ-ጊዜ ተማሃሮ ወይ ድማ ሥራሕ-አልቦ እንተ ዘይኮይኖም ነናይ ውልቆም ይኸፍሉ።

13.5. ሓደ ኣባል ክልል ቤተ ክርስቲያን ነዚ ኹሉ ምስ ኣማልአ፡ ከም ኣባል ክልል ቤተ ክርስቲያን ዘፍልጦ ካርድ ኣባልነት ይወሃቦ።

13.5.1. እቲ ካርድ ኣባልነት ሥዕሊ ኣባል ዘለዎ ኮይኑ፣ ክታም ኣቦ መንበር ክልል ቤተ ክርስቲያን ዝወደቖ ድማ እዩ።

13.6. ኣገዳሲ ኣብ ዝኾነሉን ንኣባላት ጻውዒት ምስ ዝግበርን፡ ኣባላት ንክልል ቤተ ክርስቲያን፡ ንካህናታ፡ ንሰበካ ጉባኤኣን ንኮሚተታታን ሓሳባት ብምሃብ ክኅግዝዎም ይግባእ።

13.7. ሓደ ሰብ እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሱ ምስ ዘማልአ፡ ብመሠረት ዓንቀጽ 7 ክመርፅን ክምረፅን ይኽእል።

13.8. ሓደ ትሕቲ 18 ዓመት ዝኾነ ሰብ አበ ነፍሱ ምስ ዝምስክረሉን ሰበካ ጉባኤ ድማ ብሽምኡ ምስ ዝቐበሎን ዘይከፍል ኣባል ክኸውን ይኽእል እዩ።

13.9. ኣባልነት ክልል ቤተ ክርስቲያን፡ ሓደ ኣባል ኣብ ሃይማኖት ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ምስ ዘይህሉ፣ ከምኡ`ውን ብሕጊ፡ በዚ መመኃደሪ ሕጊ ወይ ከኣ ብሥልጣን

ቅዱስ ሲኖዶስ፥ ሃገረ ስብከትን ንኡስ ሃገረ ስብከትን ምስ ዝኸልከል፥ ኪቋረጽን ክስረዝን ይኽእል።

## 14. ዓንቀጽ ዓሠርተው ኣርባዕተ - ጉባኤታት ኣባላት

14.1. <u>ዓመታዊ ጉባኤ</u> - ዓመታዊ ጉባኤ ኣባላት ብሰበካ ጉባኤ ተወሲኑ ኣብ ዝጸደቐ ዕለትን ቦታን ይካየድ። ኵሉ ኣባል ብመሠረት ሕቶኡ፥ ቅድሚ ዓመታዊ ጉባኤ ኣብ ውሽጢ ካብ 21 መዓልታት ዘይውኅድ ጊዜ፥ ቅዳሕ ናይ ዝጸደቐ ናይ ሕሳብ ጸብጻብ፥ ጸብጻብ ተቈጻጻሪ ወይ ከኣ ክለሳ መሻርኸቲን ካልእ በዚ መመኃደሪ ሕጊን ዓንቀጻቱን ዝሕተት ፋይናንሳዊ ሓበሬታን ይወሃብ።

14.2. ኣብ`ዚ ዓመታዊ ጉባኤ ዝከናወኑ ዕማማት እዞም ዚስዕቡ እዮም።

14.2.1. ምግላጽ ዛዕባታት፤

14.2.2. ምግላጽ ቃለ ጉባኤ ዝኃለፈ ጉባኤን ኣብ መንጎ ዝተኻየዱ ፍሉያት ጉባኤታትን፤

14.2.3. ገምጋም ገንዘባዊ ጸብጻብ፤

14.2.4. ጸብጻብ ተቈጻጻሪ ወይ ከኣ ዳህሳስ ኪገብር ዝተመርፀ ሰብ፤

14.2.5. ኣብ ሣልሳይ ዓመታዊ ጉባኤ ምርጫ ሰበካ ጉባኤ፤ ከምኡ`ውን፥

14.2.6. ነዚ ዚመስልን ካልእ ኣብ ሠሌዳ ሓበሬታ ዝተዘርዘረ ፍሉይ ጉዳይን።

14.3. ሠለስተ ዓመታዊ (ኣብ ሠለስተ ዓመት ዝካየድ) ጉባኤ - ኣኣብ ሠለስተ ዓመታት ዝካየድ ናይ ኣባላት ጉባኤ ዕማም፥ ሥልጣንን ኃላፍነትን ሰበካ ጉባኤ ገምጊሙ፣ ንዝመጽእ ሠለስተ ዓመታት ዘገልግሉ ሓደስቲ ኣባላት ሰበካ ጉባኤ ይመርፅ።

14.4. ፍሉይ ጉባኤታት - ሰበካ ጉባኤ ብፍቓድ ንኡስ ሃገረ ስብከት ፍሉይ ጉባኤ ኣባላት ክልል ቤተ ክርስቲያን ክጽውዕ ይኽእል እዩ። ሰበካ ጉባኤ ብመሠረት ጽሑፋዊ ሕቶ ካብ ሓደ ዕሥሪት (10%) ዘይውኅዱ ኣባላት ብዛዕባ ዝኾነ ይኹን ምስ ጉዳያት ትካል ዝተኣሳሰሩ ግና ኸኣ ምስ ሕጊ ምእንቲ ከይጋጨዉ ኣብ ሕጊ ተዘርዚሮም ካብ ዘለዉ ፍሉያት ጉዳያት ወፃኢ ዝኾኑ ዛዕባታት፥ እቲ ሕቶ ካብ ዝበጽሖ ኣብ ውሽጢ 21 መዓልታት ጉባኤ ይጽውዕ።

14.5. ምልአተ ጉባኤ - ሓደ ዛዕባ ንኽዝተየሉ ዝወኃደ ቍጽሪ ኣባላት ክልተ-ሢሶ (2/3) ኣባላት ክልል ቤተ ክርስቲያን እዩ። ህልዋት ኣባላት ንሓደ ዛዕባ ዘትዮም ብድምፂ ብልጫ ህልዋት ኣባላት ኪውስኑ ይኽእሉ። ኣብ ጉባኤ ክልተ ሢሶ ኣባላት ክልል ቤተ ክርስቲያን ክርከቡ ምስ ዘይክእሉ፡ እቲ ጉባኤ ንሠለስተ ሰሙናት ይናዋኅ። ኣብ`ዛ ዳኅረወይቲ ዕለት ግና እቲ ዝዝረበሉ ዛዕባ ጉባኤ ኣባላት ምርጫ ኣባላት ሰበካ ጉባኤ እውን ከይተረፈ ብዝተረኽቡ ኣባላት ይካየድ።

14.6. መራሒ ጉባኤ - ኣቦ መንበር ሰበካ ጉባኤ ወይ ከኣ ምኽትሉ ንጉባኤ ኣባላት ይመርሑዎ።

14.7. ዋና ጸሓፊ ድማ ቃለ ጉባኤ ናይ ኣባላት ጉባኤ ይኅዝ።

14.8. ድምፂ ኣባላት - ኣብ ጉባኤ ኣባላት ዝለዓሉ ዛዕባታት፡ ብመሠረት ሕጊ ወይ መመኃደሪ ሕጊ ከም`ዚ ዚስዕብ ክሳዕ ዘይተወሰነሎም፣ ብድምፂ ብልጫ ኣባላት ይውሰኑ።

14.8.1. ነፍሲ ወከፍ ኣባል ኣብ ዝኾነ ይኹን ጉባኤ ሓንቲ ድምፂ ጥራይ ትህልዎ፤

14.8.2. ድምፂ ኸኣ ብምልዓል ኢድ ወይ ብጽሑፍ ኣብ ጉባኤ ዝተረኽቡ ኣባላት ይውሰድ፤ መራሒ ጉባኤ እውን ኣባል እንተ ኾይኑ ሓደ ድምፂ ይህልዎ።

14.9. ምስግጋራት ጉባኤያት - ሰበኻ ጉባኤ ነቲ ጉባኤ ከሰጋግሮ ይኽእል እዩ፤

14.100. ተሳተፍቲ ጉባኤ - ኣብ ሓፈሻዊ ጉባኤ ኣባላት ክሳተፉ ዘለዎም ኣባላት ቤት ጽሕፈት ሃገረ ስብከት፡ ቤት ጽሕፈት ንኡስ ሃገረ ስብከት፡ ካህናት እታ ክልል ቤተ ክርስቲያን፡ ኣባላት፡ ሰበካ ጉባኤ፡ ተቈጻጸርቲ እታ ክልል ቤተ ክርስቲያን (ወይ ከኣ ናይ ግዳም ተቈጻጻሪ ኣሎ እንተ ኾይኑ)፣ ከምኡ ኸኣ ኣብ`ዚ ጉባኤ እዚ ክሳተፍ ዝምልከቶ ዝኾነ ይኹን ኣካል ክሳተፉ ይኽእሉ።

## 15.ዓንቀጽ ዓሠርተው ኃሙሽተ - ሥነ ሥርዓት

15.1. ኣባላት ሰበካ ጉባኤ ኣብ ጉባኤታት ሰበካ ጉባኤ ክሳተፉ ግዴታኦም እዩ። ሓደ ኣባል ሰበካ ጉባኤ ብሥሩዕ መገዲ ኣብ ዝተጸወዐ ኣኼባ ሰበካ ጉባኤ ብዘይብቑዕ ምኽንያት ክሳተፍ እንተ ዘይክኢሉ፣ ኣብ መጀመርታ ብኣቦ መንበር ናይ ቃል መጠንቀቕታ ይወሃቦ። እቲ ኣባል ብተደጋጋሚ ካብ ወግዓዊ ኣኼባ ሰበካ ጉባኤ ምስ ዘይሳተፍ ግና፡ ምኽንያት መብኰሪኡ ከረድእ ኣብ ኣኼባ ሰበካ ጉባኤ ይቐርብ፤ ብኣቦ መንበር ድማ ናይ ጽሑፍ መጠንቀቕታ ይወሃቦ። ኣዕጋቢ መረዳእታ ምኽንያት መብኰሪኡ ከረድእ እንተ ዘይክኢሉ ግና፡ ጉዳዩ ናብ ሃገረ ስብከት/ንኡስ ሃገረ ስብከት ብምሕባር ብውሳኔ ሃገረ ስብከት/ንኡስ ሃገረ ስብከት ቦታኡ ብኻልኦት ይትካእ።

15.2. ኣባላት ሰበካ ጉባኤ ብሰበካ ጉባኤ ዝተኣምነሉ በደል ምስ ዝፍጽሙ፡ ጉዳዮም ናብ ላዕላዋይ መርሕነት ሃገረ ስብከት/ንኡስ ሃገረ ስብከት ተራእዩ ኣድላይ መቕጻዕቲ ይወሃቦ።

## 16. ዓንቀጽ ዓሠርተው ሽዱሽተ - ፊስካዊ ዓመት

16.1. ክልል ቤተ ክርስቲያን ዓመታዊ ምዱብ ናይ ገንዘብ ዓመት ክህልዋ ይግባእ።

16.2. ኣብ ክልል ቤተ ክርስቲያን ዓመታዊ ምዱብ ገንዘብ ዝተኃዘሉ ጊዜ፡ ብናይ ጎርጎርዮሳውያን ዓውደ ኣዋርኅ ካብ 01 ጥሪ ክሳዕ 31 ታኅሣሥ ይኸውን።

## 17.ዓንቀጽ ዓሠርተው ሾብዓተ - ኣታዊታት

17.1. ኣታዊታት ክልል ቤተ ክርስቲያን ካብ'ዞም ዚስዕቡ ይኸውን።

17.1.1. ወርኃዊ ክፍሊት ኣባላት፤

17.1.2. ብምእመናን ዝወሃብ መዓልታዊ፡ ሰሙናዊ ወይ ወርኃዊ ዕሽር፤

17.1.3. ብገበርቲ ሠናይ ዝወሃብ ህያባት፤

17.1.4. ኣታዊታት ሽያጥ ካርድ ጥምቀት፤[1]

17.1.5. ኣታዊታት ሽያጥ ካርድ ቃል ኪዳን፤[2]

17.1.7. ኣታዊታት ካብ ክፍሊታት ጸሎተ ፍትሐተ ሙታን፤

17.1.8. ክፍሊት ካርድ ኣባልነት፤

17.1.10. ክፍሊታት ምምሕዳራዊ ኣገልግሎት፤

17.1.11. ሽያጥ መጻሕፍቲ፤

17.1.12. ኣታዊታት መሸጣ ወይ ክራይ ዝንቀሳቐሱን ዘይንቀሳቐሱን ንብረታት ክልል ቤተ ክርስቲያን፤

17.1.13. እዞም ኣታዊታት እዚኣቶም ተደሚሮም ጠቕላላ ሃብቲ ክልል ቤተ ክርስቲያን ("ሃብቲ ቤተ ክርስቲያን") ይኾኑ።

## 18. ዓንቀጽ ዓሠርተው ሸሞንተ - ክፍሊታትን ወፃኢታትን

18.1. ደሞዝ ሠራሕተኛታት ክልል ቤተ ክርስቲያን ብመሠረት ሞያኦምን መምዘኒታት ብቕዓቶምን ካብ ዓመታዊ ምዱብ ገንዘብ ክልል ቤተ ክርስቲያን ይኽፈሉ።

18.2. ኣባላት ሰበካ ጉባኤ ብዘይደሞዝ ዘገልግሉ ስለ ዝኾኑ፣ ዝኾነ ኣባል ሰበካ ጉባኤ ብኃላፍነቱ ዝረኽቦ ቀጥታዊ ይኹን ዘይቀጥታዊ መኽሰብ የብሉን። እዞም ዚስዕቡ ኩነታት ግና ኣብ ግምት የኣትዉ።

18.2.1. ኣባላት ሰበካ ጉባኤ ንናይ ብጽሒት ሥራሖም ተግባራት ንዝኸፈልዎ ገንዘብ ኪከሓሱ ይግባእ።

18.2.3. ካብ'ዚ ኣቐዲሙ ዝተባህለ ወፃኢ፣ እታ ክልል ቤተ ክርስቲያን ትካል ግብረ ሠናይ ስለ ዝኾነት፡ ምስ ዓንቀጻት ሕጊ ዝቃዶ ወይ ብቤት ፍርዲ ዝተወሰነ

[1] እዚ ክፍሊታት ሥርዓተ ጥምቀት እዩ ዝትርጎም፤ ይኹን እምበር ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ናይ ምሥጢራተ ቤተ ክርስቲያን ኣይተኽፍልን ኢያ። ምኽንያቱ፡ "ዘነሣእክሙ በከንቱ፡ ሀቡ በከንቱ፤ ዘነሣእክሙ በጸጋ፡ ሀቡ በጸጋ።" ዝብል ትእዛዝ ስለ ዘሎ፡ ጸጋታት ኣይክፈሎን እዩ። ኣብ ጥምቀት ወይ ቃል ኪዳን ዝኽፈል ግና ዋጋ ካርድ እዩ። ናይ ምሥጢራት ምኽፋል ግና ሲሞናውነት እዩ ኪኸውን።

[2] ዝኒ ከማሁ

ወይ ድማ ብመሠረት ሕጊ ትካላት ግብረ ሠናይ ዝተፈቐደ እንተ ዘይኮይኑ፣ ዝኾነ ይኹን ኣባል ሰበካ ጉባኤ ከም መጠን ኣባል ሰበካ ጉባኤ ወይ ብኻልእ ሞያ ንዝህቦ ኣገልግሎት ደሞዝ ኣይክፈሎን እዩ።

## 19. ዓንቀጽ ዓሰርተ ትሽዓተ - መገሻ

1919.1. ኣባላት ሰበካ ጉባኤ ወይ ካልኦት ኣገልገልቲ ክልል ቤተ ክርስቲያን ብጉዳይ ቤተ ክርስቲያን ወይ ምስኡ ብዝዛመድ ኩነታት እንተ ገይሸም፡ ናይ መጓዓዝያኦም፡ መግቦምን ሆቴሎምን ወፃኢታት ይኽፈሉ። እዚ ክፍሊታት እዚ ድማ ብመሠረት ዘቕርቡዎ መረጋገጺ ሰነዳት (ረሲታት) ብሕሳብ ሹም ተረጋጊጹ ይፍጸም።

## 20. ዓንቀጽ ዕሥራ - ሕጋዊ ሥልጣን፡ ዋንነትን ምቕረሐን

20.1. ታቦትን ክህነትን ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ከም ዘይፈላለዩ ውሁብ ሓቂ ኮይኑ፣ ታቦት፡ ክህነትን ኵሉ ሃብቲ ቤተ ክርስቲያንን ኣብ ትሕቲ ቍጽጽር ቅዱስ ሲኖዶስስ/ጳጳስ ሃገረ ስብከት ስለዝኮኑ ዋንነት ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ እዩም።

20.2. ዝኾነ ምምኅዳራዊ ይኹን ሃይማኖታዊ ዘይምስምማዕ ምስ ዝለዓል፡ ምስ ሃብቲ ቤተ ክርስቲያን ኣብ ዝተኃኃዙ ጉዳያት ቅዱስ ሲኖዶስ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ ብመገዲ ሃገረ ስብከትን ንኡስ ሃገረ ስብከትን ገይሩ ናይ ምውሳን ዝለዓለ ሥልጣን ኣለዎ።

20.3. ኣብ ክልል ቤተ ክርስቲያን ክርክር እንተ ተላዒሉ፡ ኵሉ ዕዳታትን እዉዳትን ምስ ተኸፍለ ዝተረፈ ሃብቲ ብመሠረት እዚ ዓንዲ ሕጊን ዕላማታት ምስ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ ዝሰማማዕ እቲ ክልል ቤተ ክርስቲያንን ኣብ ዋንነት ቅዱስ ሲኖዶስ/ሃገረ ስብከት የኣቱ።

20.4. ኣብ ክልል ቤተ ክርስቲያን ክርክር ምስ ዝለዓል፡ እታ ታቦት ነቲ ናብ ክልል ቤተ ክርስቲያን ኣትዩ ክውፅኣ ምሉእ ኃላፍነትን ሥልጣንን ዘለዎ ቤት ጽሕፈት ሃገረ ስብከት ወይ ንኡስ ሃገረ ስብከት ተዋሂባ፣ ናብ ቅዱስ ሲኖዶስ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ ትምለስ።

## 21. ዓንቀጽ ዕሥራን ሓደን- ሓፈሻዊ

21.1. ብዘይካ'ቲ ኣብ ዓንቀጽ 2 ዝተጠቕሰ፡ ኣብ'ዚ መመኃደሪ ሕጊ ዝተጠቕሱ ኵላቶም ቃላት ከም'ቲ ኣብ ሕጊ ተተርጕሞምዎ ዘለዉ ትርጕም ኣለዎም። ንንጽል ዘመልክቱ ቃላት ንብዙኅ ከማኡ'ውን ብኣንጻሩ፣ ንሓደ ፆታ ዝተጠቕሱ ድማ ንኹላቶም ፆታታት ይገልጹ።

21.2. ጽንዓት (ጥብቅነት) - ዘይብቕዓት ወይ ዘይምትግባር ናይ ሓደ ዓንቀጽ ናይ'ዚ መመኃደሪ ሕጊ ዋላ'ውን ናይ'ቶም መሠረታውያን ሕጋጋትን መምርሒታትን ንብቕዓትን ትግባረን ካልኦት ዓንቀጻት እዚ መመኃደሪ ሕጊ ወይ ከኣ ካልኦት መሠረታውያን ሕጋጋትን መምርሒታትን ዝጸሉ ኣይኮነን። ኣብ'ዚ መመኃደሪ ሕጊ ይኹን ኣብ መሠረታውያን ሕጋጋትን መምርሒታትን ዘሎ ዝኾነ ዓንቀጽ፡ ምስ'ቲ ዝተመኃየሸ ሕጊ ወይ ኣዋጅ ምስ ዘይቃዶ፡ ከከም ኩነታቱ ነቲ ዝተመኃየሸ ሕጊን ኣዋጅን ቀዳምነት ይወሃቦ።

21.3. ማኅተም - ናይ ክልል ቤተ ክርስቲያን ማኅተም ምስ ዝህሉ፡ ብሰበካ ጉባኤ ዝተወሰነ ይኸውን።

21.4. ትግባረ ውዕላት - ውዕላት፡ ምስግጋራት ሕሳብ፡ ተልእኾታት፡ ኮንትራታት፡ ግዴታታትን ካልኦት ብኽልል ቤተ ክርስቲያን ብጽሑፍ ዝእተዉ ሕጋውያን ሰነዳትን፡ ብፍቓድ ንኡስ ሃገረ ስብከት ብሰበካ ጉባኤ ሥልጣን ብዝተዋህቦም ክልተ ኣባላት ቤት ጽሕፈት ወይ ሰበካ ጉባኤ ይፍረም። ብተወሳኺ'ውን ካብ በብጊዜኡ ሰበካ ጉባኤ መን ነየናይ ከም ውሱን ሰነድ ከም ዝፍርምን ከም ዘተግብርን ከማእዝዞ ይኽእል። ዝኾነ ይኹን ንሓደ ሰነድ ክፍርም ሥልጣን ዝተዋህቦ ሰብ፡ እንተሎ ኾይኑ ናይ ክልል ቤተ ክርስቲያን ማኅተም የንብረሉ። ዝኾነ ይኹን ኣባል ሰበካ ጉባኤ ወይ ኣባል ቤት

ጽሒፉት ቅዳሕ ናይ ነፍሲ ወከፍ ወግዓዊ ሰነድ፡ ውሳኔ፡ መመኃደሪ ሕጊ ወይ ካልኦት ሰነዳት እታ ክልል ቤተ ክርስቲያን ሓቀኛ ቅዳሕ ከም ዝኾነ ክምስክር ኪኽእል ኣለዎ።

## 22.ዓንቀጽ ዕሥራን ክልተን - ሥልጣን ሃገረ ስብከትን ንኡስ ሃገረ ስብከትን

22.1. ንኡስ ሃገረ ስብከት፡ ኣብ'ቲ ንኡስ ሃገረ ስብከት ናይ ዝርከባ ኵላተን ኣብያተ ክርስቲያን፡ ካህናት፡ ገዳማትን ኮለጃትን ኃላፍነት ኣለዎ።

22.2. ንኡስ ሃገረ ስብከት፡ ኣብ ልዕሊ መንፈሳዊ፡ ፋይናንሳውን ምምኅዳራውን ጒዳያት እቲ ንኡስ ሃገረ ስብከት ብሕታውን ፍሉይን ሥልጣን ኣለዎ።

22.3. ሃገረ ስብከትን ንኡስ ሃገረ ስብከትን፡ ኣብ'ቲ ሃገረ ስብከት ወይ ንኡስ ሃገረ ስብከት ናይ ዝርከባ ኣብያተ ክርስቲያን ዝኾነ ይኹን ዋንነት፡ ንረብሓ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ዝዓለመ ናይ ምውናን፡ ምስግጋርን ምውጋንን ብሕታዊ ሥልጣን ኣለዎም።

22.4. ናይ ክልል ቤተ ክርስቲያን ሕንፃ ወይ ምስኡ ዝተኃኃዘ ሕንፃ ወይ ከኣ ዝኾነ ይኹን ቀዋሚ ንብረታ ክሸየጥ ወይ ክልወጥ ወይ ድማ ክእገድ ከሎ ሰበካ ጉባኤ ብዘይጽሑፋዊ ፍቓድ ሃገረ ስብብከት ወይ ንኡስ ሃገረ ስብከት ኣይፍጽምን። ነዞም ፍቓዳት እዚኣቶም ኂዙ ብዛዕባ ምዕዳግ ወይ ምሻጥ ንብረት ዘፈጽም ግና ሰበካ ጉባኤ እዩ።

22.5. ቀዋሚ ንብረት እውን ከይተረፈ፡ ኵሉ ንዋት፡ ቅሑጥ ሃብትን ገንዘብን ክልል ቤተ ክርስቲያን ከም ወኪል ንኡስ ሃገረ ስብከት ብምዃን፣ ንኣገልግሎት፡ ረብኃን ጥቕምን ኮይኖም ይተኃዙን ይውነኑን። ክልል ቤተ ክርስቲያን ነዞም ከም`ዚኣቶም ዝኣመሰሉ ንዋታት፡ ቅሑጣት ሃብትን ገንዘብን ብመሠረት እምነት፡ ምኅደራን መንፈሳዊ ሕግን ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ ተመኃድሮም።

22.6. ንኡስ ሃገረ ስብከት ኣብ መንጎ ኣብያተ ክርስቲያን እቲ ንኡስ ሃገረ ስብከት ብዛዕባ ዝህሉ ዝምድና ይነጽር፣ መልክዐ ምድራዊ ክልል ነፍሲ ወከፍ ቤተ ክርስቲያን ይኽልል፤ ብቀዋምነትን ተንቀሳቓሲነትን ብነፍሲ ወከፍ ክልል ቤተ ክርስቲያን ዝወሃብ ኣገልግሎታትን ድማ ይሠርዕ። በዚ መሠረት፡ ንኡስ ሃገረ ስብከት ንሓንቲ ክልል ቤተ ክርስቲያን ክመቅል፣ ንገሊኣተን ድማ ክሕውስን ከወሃህድን ሥልጣን ኣለዎ። ንኡስ ሃገረ ስብከት /ሃገረ ስብከት ንናይ ሓንቲ ቤተ ክርስቲያን ክልል፡ ኣብ ልዕሊ ንብረታን

ምስኡ ዝተኃኃዙ መንፈሳውያን ትካላትን ክኽልል ምሉእ ሥልጣን ኣለዎ። ንኡስ ሃገረ ስብከት/ሃገረ ስብከት ንሃብቲ ኣብ'ቲ ንኡስ ሃገረ ስብከት ትርኩብ ነፍሲ ወከፍ ቤተ ክርስቲያን ናብ ዝኾነት ካልእ ኣብ'ቲ ንኡስ ሃገረ ስብከት ትርኩብ ክልል ቤተ ክርስቲያን ከመቓርሕ እውን ምሉእ ሥልጣን ኣለዎ።

22.7. ብዘይፍቓድ ሃገረ ስብከት ወይ ንኡስ ሃገረ ስብከት ሓንቲ ክልል ቤተ ክርስቲያን ዝኾነ ይኹን ገዳም፡ ኮለጅ ወይ ማኅበር ክትምሥርት ኣይፍቀዳን።

22.8. ኣባላት ሰበካ ጉባኤ ኣብ ዝምረፁሉ ጉባኤ ወኪል ንኡስ ሃገረ ስብከት/ሃገረ ስብከት ክሳተፍ ኣለዎ።

## 23.ዓንቀጽ ዕሥራን ሰለስተን - ምምኅያሽ ውሥጠ ደምብ

23.1. እዚ ውሥጠ ድምብ ናይ ክልል ቤተ ክርስቲያን እዚ፡ ብመሠረት ኣዋጅ ብሰበካ ጉባኤ ተሳዒሩ ወይ ተመኃይሹ ብሓድሽ ውሥጠ ደምብ ክትካእ ዝኽእል ካብ ቅዱስ ሲኖዶስ፡ ሃገረ ስብከትን ንኡስ ሃገረ ስብከትን ብዝጸሓፍ ደብዳቤ ጥራይ እዩ።

23.2. ነቲ ብዝበዝኑ ኣባላት ሰበካ ጉባኤ ተኣሚኑሉ፣ ብኽልተ-ሢሶ (2/3) ናይ ሓፈሻዊ ጉባኤ ኣባላት ዝተደገፈ ዝተመኃየሸ ሕጊ፡ ብንኡስ ሃገረ ስብከት፡ ሃገረ ስብከትን ቅዱስ ሲኖዶስን ምስ ጸደቐ ቅቡል ይኸውን።

## 24.ዓንቀጽ ዕሥራን ኣርባዕተን - ኤለክትሮኒካዊ ክታም

24.1. እዚ ውሥጠ ድምብ ናይ ክልል ቤተ ክርስቲያን እዚ፡ ናይ ኣባላት ሰበካ ጉባኤ፡ ቅዱስ ሲኖዶስ፡ ሃገረ ስብከትን ንኡስ ሃገረ ስብከትን ብመገዲ ሕጋዊ ወኪል እዛ ክልል ቤተ ክርስቲያን ብዝተረጋገጸ ኤለክትሮኒካዊ መልእኽቲ ብዝተላእከ ኤለክትሮኒካዊ ክታም ክፍረም ይከኣል።

24.2. እዚ ውሥጠ ደምብ እዚ ብኹላቶም ዝምልከቶም ኣካላት ምስ ተፈረመ፡ ኣብ ግብረ ይውዕል።

ስብሐት ለእግዚአብሔር በሰማያት

ወሰላም በምድር ሥምረቱ ለሰብእ!!!

ብወኪል ቅዱስ ሲኖዶስ ዝተረጋገጸሉ ዕለት፡ ________________________________

________________________________

ብፁዕ አቡነ ጴጥሮስ - ዐቃቤ መንበር ፓትርያርክ
ወኪል ቅዱስ ሲኖዶስ[3]

ብወኪል ሃገረ ስብከት ዝተረጋገጸሉ ዕለት፡ ________________________________

________________________________

ኣቡነ ኤልያስ ሃይለሚካኣኤል በሪሁ- ጳጳስ
ሃገረ ስብከት[4]

ብወኪል ንኡስ ሃገረ ስብከት ዝተረጋገጸሉ ዕለት፡ ________________________________

________________________________

ወኪል ንኡስ ሃገረ ስብከት

----------------------------------------------------------------------------------------------------------------
-

ብመራሕቲ ዝኃለፉሉን ሕጋዊ ማኅተም ዝዓረፉሉን ዕለት፡

[3] ምስ ምሻም ቅዱስ ፓትርያርክ እንተ ዝቐየር ጽቡቕ እዩ።

[4] ምስ ምምዳብ ሓድሽ ጳጳስ እንተ ዝቐየር ጽቡእ እመስለኒ።